ሓዳስ ኤርትራ

መበል 24 ዓመት ቁ. 17 | 17 መስከረም 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ረቡዕ

ገጽ 3
7ይ ጉባኤ ሃ.ግ.ደ.ኤ.



ገጽ 4
ዓሻ ዓሊ ኖር - ቅድሚ ገድሊ፣ ኣብ ገድልን ድሕሪ ገድልን

ገጽ 5
ነብሰቅትለት



ገጽ 8
ገምጋም ሓሙሽተ መዘክራት

ገጽ 11
ወሀደት ክሳታን ፋብሬጋዝን - ተወሳኺ ቀመም ፕሪመር ሊግ



# መንግስቲ ጃፓን፡ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ሽርክነታዊ ምትሕጋግዝ ክገብር ዘለዎ ቅሩብነት ገሊጹ



ስ/ምሕረትኣብ ገብረሚካኤል

መንግስቲ ጃፓን ምስ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ክልተኣዊ ረብሓን ዝተመርኮሰ ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝ ክገብር ዘለዎ ቅሩብነት ገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ ኣብ ኤርትራ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዝፍጽም ዘሎ ምኽትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጃፓን ሚኖሩ ኪዩቺ ትማሊ 16 መስከረም ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተራኺቦም ኣብ ዘዘተየሉ'ዩ።

ኣቡቲ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ዝተኻየደ ርክብ፡ ክልቲኦም ወገናት፡ ምምዕባል ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ብዝለዓለ ደረጃኡ ክድፋኣሉ ከም ዘሎዎን ከምኡ'ውን ዚ ንምስምዕ ህላወ ኤምባሲ ጃፓን ኣብ ኤርትራ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ጃፓን ኣቓልቦ ክህቦ ኣብ ምርድዳእ በጺሖም።

ብተወሳኺ፡ ጃፓን ከም ዓባይ ሃገር ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይን ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ባይታ ንኽትግበር ተራኣ ክተዕዘዝ ከምዝኾነት ተዘራሪቦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቲ ጃፓናዊ ልኡኽ ኣብ ሰዓታት ቀድሚ-ቐትሪ ምስ ሚኒስተር ፋይናንስ ኣቶ ብርሃ ሃብተማርያም ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ኣብ ልምዓትን ወፍርን ክገበር ብዝኽእል ዝከኣል ምትሕግጋዝ ዘትዩ።

ኣቡቲ ርክብ ሚኒስተር ብርሃ፡ ጃፓናውያን ኣውፈርቲ ካብ 1970ታት ኣትሒዞም ኣብ ዕደናዊ ስርሓት ኤርትራ ክሳተፉ'ኳ እንተጸንሑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ከምቲ ዝድለ ይሳተፉ ከም ዘየለዉ ብምጥቃስ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ - ኣብ ወፍሪ ብሓፈሻ ኣብ ጽሒታት ቱሪዝምን ዕደናን ዘሎ ዕድላት ድማ ብፍላይ ክጥቀሙሉ ዕድመ ኣቕሪቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልቲኦም ወገናት፡ ንፋይናንስያዊ ትካላት ክወሃብ ብዝከኣል ልቓሕ ድሕሪ ምዝታይ፡ ሚኒስተር ሚኖሩ ኪዩቺ፡ ኣብ ኤርትራ ዘካየዶ ምብጻሕ፡ ንዝምድናታት ክልቲኤን ሃገራት ከማዕብል ዘለዎ እምነት ብምግላጽ፡ ጃፓናውያን ኣውፈርቲ ብዛዕባ ኤርትራን ዘለዋ ዕድላትን ኣፍልጦኦም ትሑት ብምዃኑ፡ ብመንገዲ ኤምባሲታት ክልቲኤን ሃገራት ሓያል ጎስጓስ ከማዘድሊ ኣዘኻኺሩ።

ብምኽትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዝተመርሐ ልኡኽ ጃፓን፡ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ዕድላት ወፍሪን ዝቐረበ ዘሎ ንጥፈታትን ብቐጥታ ንምዕዛቡ፡ ኣብ ፋብሪካ ዓለባ 'ዛኢር'፡ መደበርን ካልእ ታሪኻዊ ቦታታትን ዑደት ኣካይዱ።

# ብምኽንያት 7ይ ጉባኤ ሃማደኤ ኣብ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ሲምፖዝዩም፡ ዝተፈላለየ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡ

ብምኽንያት'ቲ "ፍትሓ. ፍኖትና፡ ማዕርነት ምዕራፍና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብ15 መስከረም ዝተኸፍተ 7ይ ጉባኤ ሃማደኤ ኣብ ዝተኻየደ፡ መሻርኽቲ ሃማደኤ ዝኾና ኣህጉራውያን ማሕበራት ዝተሳተፍኦ ሲምፖዝዩም፡ ንማዕርነታዊ ቃልሲ ደቂ-ኣንስትዮ ብሓፈሻ ታሪኽ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ዘንጸባርቕ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡ።

እቲ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ ኣብ ጉዕዞ ሃማደኤ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት - ዝተሓልፈ ብደሆታትን ዝተረኽቡ ዓወታትን፡ ኣብ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታትን ጾታዊ ኣድልዎን፡ ኣብ ምጉልባት ቀጠባዊ መትከብሮ ደቂ-ኣንስትዮን ወፍርን፡ ተመኩሮ ደቂ-ኣንስትዮ ዲያስፖራ ኣብ ህንጸት ሃገር ከምኡ'ውን ተመኩሮ ምሕያል ቀጠባዊ ዓቕሚ ደቂኣንስትዮ ኬንያ፡ ተመኩሮ ደቂኣንስትዮ ሱዳን ኣብ ንእሽቶ ምወላታት፡ ተራ ደቂኣንስትዮ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ምህናጽ ሰላም፡ ተመኩሮ ደቂኣንስትዮ ኡጋንዳ ኣብ ሽርክነትን መርበባዊ ርክባትን፡ ተመኩሮ ደቂኣንስትዮ ርዋንዳ ኣብ ምውሳድ ውሳኔን ካልእን ዘተኮረ'ዩ ኔሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ወረቓቕቲ ዘተን ክትዕን ድሕሪ ምኻይድ፡ ሓድሕዳዊ ተመኩሮ ዘሀብትም ሓሳባትን ርእይቶታትን ብምቕራብ፡ ካብ'ቲ ሲምፖዝዩም ንመጻኢ ብደረጃ ኣህጉር ኣፍሪቃ ሓባራዊ መረዳእታ ብምፍጣር ወጽኢታዊ ዕዮ ንምዕማም ዝሕግዝ መረዳእታን ፍልጠትን ከምዝቐሰሙ ገለጹ።





ስ/ዮውሃንስ መብራህቱ

# ሓጋዝ፡ ብብእዋኑ ዘሰላስሉ ዘለዉ ልምዓታዊ መደባት፡ ኣብ ምምሕያሽ ህይወት ነበርቲ ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ከምዘለዉ ተሓቢሩ

ኣብ ከተማ ሓጋዝ ብብእዋኑ ብዘሰላስሉ ዘለዉ ልምዓታዊ መደባት፡ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ዕብየት የመዝግባ ብምህላወን ኣብ ምምሕያሽ ህይወት ነበርቲ ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብራ ከምዘለዋ፡ ኣመሓዳሪት ከተማ ኣቶ ተኽለሃይማኖት መሳኤል ሓቢሩ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ ተኽለሃይማኖት፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ኣዋርሕ ሽግር ጽሩይ ዝስተ ማይ ስብን ጥራትን ንምፍታሕ ብልዕሊ 11 ሚልዮን ናቕፋ ኣብ ጎርዲኽ ክትህነጽ ዝጸንሐት ዲጋ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ስርሓታ'ኳ እንተተዛዘመ፡ ንኡሳታት ክራማት ኣብ ግምት ብምእታው ንግዜኡ ኣቋረጸ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ'ታ ከተማ ልዕሊ ሓደ ኪሎሜተር ሻምብቆታት ማይ ከም እተዘርግሐን 54 ቁጽርቲ ማይ ንህዝቢ ከምእተዓደላን ጠቒሱ፡ ኑፆም ኣብ'ቲ ከባቢ ዘሰላስሉ ዘለዉ ልምዓታዊ መደባት ኣብ ምዕዋት ዝጸዓሩ ዘለዉ ህዝቢ፡ ህዝባዊ ሰራዊትን ወፋሮ ክረምታዊ ልምዓትን ኣመስጊኑ።

ኩሉ ዝብድድ ንጥፈታት ንህዝቢ ዘርብሕን ምዕባለ ከተማ ዘውሕስን ብምዃኑ ብልዑል ሱታፌ ይሰላሰል ከምዘሎ ዝሓበረት ሓላፊት ቀጠባዊ ልምዓት ከተማ ሓጋዝ ወይዘሮ ትርሓስ የሲፍ ብወገና፡ ኣብቲ ከባቢ ዘይነበረ ኣገልግሎታት ንምውዳድ ብመደብ ይስራሓሉ ከምዘሎ ኣሕፈረ።

ወይዘሮ ትርሓስ የሲፍ ኣስዒባ፡ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ዕዳጋታትን ኣታዊታት ከተማ ኣብ ምዕባይ ልዑል ኣበርክቶ ይገብራ ምህላወን ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ኣዋርሕ ልዕሊ 100 ሓደሽ ፍቓድ ንግዲ ንህዝቢ ከምእተዓደለን ልዕሊ 280 ፍቓድ ንግዲ ከምእተሓደሰን ኣብሪሃ።

ኣስታት 370 ዝተፈላለየ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዝተዋደደላ ከተማ ሓጋዝ፡ ልዕሊ 20 ሽሕ ነበርቲ ኣለዋ።


መ ል

ሰ

ሳምሶ ሃ ለ

.ስ 116266/201820(2220)

ም/ ሰ

ም ስሃ

.ስ 201820(2217)

ስ 127749 - .ሳ. . 247

ም ር ሕ

.ስ. 200454-07121322

ምል

.ስ. 125013 - .ሳ. . 1284

ለ -

ሃ ሳምራ መለስ

ምስ ስ


# ወፍሪ ኣብ ጓለንስተይቲ፡ . . .

ካብ 7ይ ገጽ ዝቐጸለ



ሉላ ግርማይ

ሽሕ ወሰደ ከፈለየ። ደሓር እውን እናወሰደኩን እናኸፈልኩን እየ



ሕርይቲ ተኪኤ

ዝሰርሕ ዘለኹ። እቲ ሓገዝ ደማ ኑብሰይ ንክኽእል ኣብ ዝገብሮ ዘለኹ ጻዕሪ ሓጊዙኒ እዩ። ሕጂ እውን ልቓሕ እንተ ዝወሰኽና ጸቡቕ ምቕጻልና እየ ዝብል። ምኽንያቱ ሚዛን ስለ ዘይብለይ ብናይ ልቓሕ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ። ብዓቢኡ እውን ካብ'ዚ ዘለኹዎ ውሑድ ሽቕጥ ብዝሕ ዝበለ ገይረ ዝያዳ ክሰርሕ ምኽኣልኩ። ሕጂ ኣብ መንገዲ ኩዩነ እየ ዝሸይጥ ዘለኹ። ዓቕሚ ስለ ዘየለ እምበር፡ ዓቕሚ እንተ ተረኺቡ ልቾንሳ ኣውጺአ ኣብ'ቲ ንዕዳጋ ኢሉ ዝተኸፍተ ቦታ ኩዩነ ክሸቅጥ ትምኒት ኣለኒ። ቅድሚ ሕጂ ባር እዩ ነይሩኒ። ደሓር ግን ሓሚመ ክሰረ እየ ወጺአ። ካብኡ ንደሓር ብኸም'ዚ



ህድኣት ሙሳ

እመሓደር ነይረ ክብል ኣይክእልን። ኣብ ክሳራ ምስ ወደቕኩ ሳላ እቲ ማሕበር ዘሊቃሓኒ ርእሰይ ክልዕል ጀሚረ። ኣምላኽ ይመስገን ጸቡቕ ኣለኹ። ገንዘብ እንተ ዝወሰኽና ካብ ርብሕ ዝበለ ሽቕጥ ምገበርና" ትብል።

ተቐማጢት ዒላበርዕድ ተጋዳሊት ምሕረት ሓየሎም እውን ኣላዩ ዘይብላ ኣደ ቈልዑ ካብ ጽፍራ እትናበርን ምዃና ብምግላጽ፡ ካብ ሃማደኤ ናይ ደርሁን ገንዘብን ልቓሕ ምስ ረኸበት፡ እናፋረየትን እናሸጠትን ናብራኣ ከም እትመርሕን ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ደማ ዕስራን ኣርባዕተን ደርሁ ከም ዘለዋኣ ትሕብር። "ልቓሕ እንተ ንወሰኽ ደማ ዝያዳ ሰሪሕና ኑብስና ምኸኣልና። ንኣብነት እተን ደርሁ ጥዑይ ግዚ የብለንን። ብተወሳኺ እውን እኽሊ ቀለብ ስለ ዘድልየን ኣደይ ይሓጽረኒ እዩ" ክትብል ደማ



ለተኺዳን ወልደጋብር

ሃማደኤ ኣብ መጻኢ ርብሕ ዝበለ ልቓሕ ከፍቕደለን ተላቢያ።


ሓንቲ ካብ ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ንኡስ ልቓሕ ዝኾኑት ተቐማጢት ዒላበርዕድ ጺጋ ሰዩም፡ ፈለማ 5000 ናቕፋ ከም ዝተለቀሐትን ከም ዝመለሰቶን ብምሕባር፡ እቲ ልቓሕ ከም ማበገሲ ጸቡቕ ምዃኑን ንደቂ ኣንስትዮ ከም ዘተባብዖን ብምግላጽ፡ እቲ ዝወሃብ ልቓሕ ውሑድ ስለ

ዝኾነ ዘድልየካ ኣስቢዝ ንክትገዝእ ከም ዘሸግር እያ ገሊጻትልና። "በቲ ዝተኸፍተልና ናይ ልቓሕ ዕድል፡ ብሓቂ ነመስግን። እቲ ልቓሕ በብደረጃኡ እንተ ዝወሰኽ ከኣ ዝያዳ ኣድማዒ ምኾነ። ካብ ውልቀ ሰብ ክትልቃሕ ከለኻ እናተሸቑረርካ ኢኻ እትኸይድ። እቲ ልቓሕ ካብ ማሕበር እንተ ኾይኑ ግን ኣብ ግዜኡ እናኸፈልኩ ብዘይሸኽፍታ ኢኻ እትሰርሕ" ክትብል ሓሳብ ኣካፊላ።

ሓላፊት ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ኣኽበረት ሰለሙን ብዛዕባ ንጥፈታት ሓገዝ ሃማደኤ ናይቲ ንኡስ ዞባ እንክትገልጽ፡ "ምስ'ቲ ህሉው ኩነታት ሃገር፡ ሰሚ ጓል ኣንስተይቲ ባዕላ'ያ ናብራኣ ትኣሊ ዘላ። ምስኡ ኣተኣሳሲርና ጠለብ ምስ ኣቕረብና፡ ናይ ልቓሕ መደብ ንጸገማት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ 2011-2012 እዩ ተኣታትዩ። ኣብ ፈለማ ኣብ ዒላበርዕድ ኣስታት 105 ደቂ ኣንስትዮ ተለቂሐን። ንሳተን ልቓሐን ምስ መለሳ፡ ነቲ ልቓሕ ኣብ ንኡስ ዞባና እናስፋሕናዮ ክንከይድ ብምዕላም፡ ንምምሕዳር ከባቢታት ዞባ ሓይ፡ ዞባ ክልተ፡ ይግዓር፡ ዓዲ በርበረ፡ ሓሊብ መንተልን ሽዕብ ሰለባን ብምጥቃላል፡ ንኽንደኣን ዝኾኑ ደቂ ኣንስትዮ ተዋሂቡ። ወላ'ኳ ገደፍ ለውጢ መጺኡ እንተዘይበልና፡ ብኡ መንጽር ግን እቲ መኣብሮ ተመሓይሹ'ዩ። ኣብ ልቓሕ ምምላስ እውን ኣብ እዋኑ እየን ዝመልሳኦ። ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዘኾነ ጸገም ክትከፍል ኣብ ዘይክኣለሉ ደረጃ እንተ በጺሑ ድማ፡ እቲ ልቓሕ ይሰዐ። ናይ ብሓቂ ድማ ወጽኢታዊዩ ነይሩ" ክትብል ትገልጽ። ብተወሳኺ እቲ ናይ ልቓሕ ገንዘብ ኣብ ምምጻእ ስለ ዝደናጎ፡ ሕጂ እውን ኣብ ትጽቢት ከም ዘለዋን ኣብ እዋኑ እንተ ዝመጽኣን ዝያዳ መድመዐ" ትብል።

# ፍትሒ ፍኖትና፡ ማዕርነት ምዕራፍና

## ቃል ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ



ዝኸበርክን ጉባኤኛታት፣

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተሳተፍቲ፣

በዚ ኣጋጣሚ፡ ንመራሕነትን ኣባላትን ሃ.ማ.ደ.ኤ.፡ ስለቲ ኣብ ህንጻትን ልምዓትን ሃገር ዘሰላሰልኦ መኸተን ኣበርክቶን የሃና እናበልኩ፡ ንህዝብን ኣካላት ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ሃገራውያን ማሕበራትን'ውን ንንጥፈታት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ብዘለገስዎ ደገፍ፡ ምስጋና ይብጽሓዮም።

ሃ.ማ.ደ.ኤ.፡ ከም ውዳቤ ከም ሓደ ካብ መሳርዕ ሰራዊት ሓፋሽ ህዝቢ፡ ምእንቲ ልዑላውነትን ሓርነትን ሃገር ኣብ ሰውራ ዝተጻወቶ ተራ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝብታት ብጅግንነትን ሓበንን ዝምስከር ናይ መዋዕቢቲ ታሪኽ ክብሪ'ዩ። ድሕሪ ምሉእ ናጽነት'ውን፡ ኣብ መኸተ ወራራት ወያነን ልምዓትን፡ ብዘይምስልካይ ዝተኻየደን ዝቀየድን ሓኾተ ደቀንስትዮ፡ ዳምጋይ መረጋገጺ ናይቲ ዘሕለፎ መብጽዓ'ዩ። ስለዚ ከኣ፡ ናይ ደቀንስትዮ ውዱብ ንጡፍ ሱታፌ ኣብ ሃገራዊ ድሕነትን ልምዓትን ዕብየትን፡ ናይ ትማልን ሎምን ጸባሕን ግድነት እምበር፡ ንፍሉይ መድረኻት ጥራይ ዘገልግል ኣምር ወይ ፍልስፍና ከምዘይኮነ ክስመረሉ ዝግብኦ ሓቂ'ዩ።

እቲ እዋናዊ ሕቶ፣ መጻኢ ተራን ውዳበን ሃ.ማ.ደ.ኤ. እንታይን ከመይን ክኸውን ይግብኦ? ዝብል'ዩ።

ክብረት ልዑላውነትን ሃገራዊ ድሕነትን ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡ መድረኻዊ ቀዳምነታት ህዝቢ ኤርትራ፡ ቁጠባዊ ልምዓትን ዕብየትን ስለዝኾነ፡ ዕማማት ሃ.ማ.ደ.ኤ.፡ ነቲ ብጾታዊ ዘማእከለ ኣድማዒ ሱታፌ ደቀንስትዮ ኣብ ዝሓለፈ ጉዕዞ ብዘሓደረ ድርኺትን ናህርን ናብ ዝበረኸ ኣፍራይነትን ምህርትን ከምዝድይብ ምኽኣል'ዩ። ዝ እዋናዊ ዕማም ተጨባጢ ንምግባር ከኣ፡ እስትራተጂ ማሕበር ከለስካ ምንጻር፣ ተተግበርቲ ውጥናት ምቅያስ፣ ምስ ዝተፈላለየ ማሕበራትን ኣካላት ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ሚኒስትሪታትን ዞባታትን ናይ ምውህሃድ ስርዓትን ቅጥዕታትን ምውዳድ፣ ኣድማዒ ተተግበርቲ ፕሮግራማትን ፕሮጀክትታትን ንምውሓስ ከኣ ውዳብ ምሕያል ዝሓትት እዩ። ወጻኢ ካብ ግዜን ዓቕምታትን ዝዘሩ ዘይመሰረታዊ ኣርእስቲታት፡ ኣብ ልምዓት ዘተኮረ ጸዑቕ ንጥፈታትን ትምህርታዊ መደባትን እናተኻየደ፡ ደቀንስትዮ ናይ ብሉጽ ፍልጠትን ሞያን ዓቕሚ ደለብ፡ ዘመናዊ ጥበባትን ናውትን ማሽነሪን ዓጢቐን ተደራቢ ማሕበራዊ ሓላፍነተን ንምልዓል ዝግብኦን ደገፍ ረኺበን፡ ኣፍራይነተን ከምዝዓቢ ምግባር'ውን ክጎስ ዘይግብኦ ዕማማት'ዩ። ሽሉል ክበሃል ዝጸንሐ ሱታፌ ደቀንስትዮ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል'ውን ንረዱእ ኣገዳስነቱ ቀጻሊታ ክሓትት እዩ።

ዝኸበርክን ተጋዳልቲ፣

ኣብ ኣጀንዳኽን ሰሪዕክንኦም ምስ ዘለኹን ዓበይቲ ኣርእስቲታት፡ እዞም ኣሕጺረ ዝዘርዘርክዎም ትዕዝብቲታት ሓዊስኽን፡ ዘቲኽንን ኣህቢቲምክንን፡ ማዕረ'ቲ ልዑል ትጽቢት ዝሃበረሉ ውሳኔታት፡ መርሓ-ጉደና መጻኢ ጉዕዞ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ኣርቂቕክን ክትወጽኣ ዘለኪ እምነት እናረጋገጽኩ፡ ንጉባኤኽን ኣሳልጦ እምነ።

*ዝኸበርክን ክብርን ዝኸብርን ክሉማን ጀጋኑ ሰማእታት!*

*ዓወት ንሓፋሽ!*

# ሪፖርታዥ - 7ይ ጉባኤ ሃ.ማ.ደ.ኤ.

የማነ ሃይለ



ሻውዓይ ጉባኤ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራን ኣህጉራዊ ሲምፖዝዩምን፡ "ፍትሒ ፍኖትና፡ ማዕርነት ምዕራፍና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ካብ ሸውዓተ ሃገራት ዝተወከላ ኣፍሪቃውያን ሰብ መዝነ ሓለፍቲ ማሕበራት ደቀንስትዮን ከምኡ'ውን 423 ወከልቲ ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብቐዳማይ ብ15 መስከረም ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተኸፊቱ።

ጉባኤ ኣብ ቀዳማይ መዓልቱ፡ ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብወይዘሮ ኣዜብ ብርሃነ፡ ቃል ማሕበር ድማ ብፕረዚደንት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ወይዘሮ ልኡል ገብርኣብ ምስ ሰምዐ፡ ተጸዋዒት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሓላፊት ፕሮግራም ልምዓት ናይቲ ውድብ ኣብ ኤርትራን ሚስ ክርስቲን ኡምቶኒ ንዘቐረበቶ መደረ ተኸታቲሉ። ብድሕሪ'ዚ፡ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ፡ ሓፈሻዊ ማሕበር ሱዳናውያን ደቀንስትዮ ከምኡ'ውን ወከልቲ ጉዳያት ደቀንስትዮ ደቡብ ኣፍሪቃን ሩዋንዳን ናይ ምሕዝነት መልእኽቲታት ኣስሚዐን።

ኣብቲ ጉባኤ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተረኺቡ፡ ንመራሕነትን ኣባላትን ሃ.ማ.ደ.ኤ. ስለቲ ኣብ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ዘሰላሰልኦ መኸተን ኣበርክቶን 'የሃና' ኢሉ። ንህዝብን ኣካላት ህግደፍን ሃገራውያን ማሕበራትን እውን፡ ንንጥፈታት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ብዘለገስዎ ደገፍ ኣመስጊኑ (ምሉእ ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ሳንዱቕ ርአ) ፕረዚደንት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ወይዘሮ ልኡል ገብርኣብ ኣብ ዘስምዓቶ ቃል ድማ፡ "እንቋዕ ኣብ ሻውዓይ ጉባኤ ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን ኣህጉራዊ ሲምፖዝዩምን ንምክፋል ኣብቃዓና" ድሕሪ ምባል፡ ነተን ዝቐረበለን ዕድመ ብምኽባር ካብ ርሑቕ ተጓዒዘን ዝመጻ ኣሓት ኣፍሪቃውያን፡ "ምምጻእክን ናይ ደገፍ መግለጺ. እዩ'ሞ፡ ክብሪ ይሃብክን" ኢላ።

"ኣብዚ ህሞት'ዚ ጉዕዞ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ናብቲ እነቋምቶ ርህውን ብሩህን መጻኢ፡ ናይ ማዕርነት ባና እናንበልበለ ኣብ ዝምርሸሉ ዘሎ ወቕቲ፡ እንታይ ተዓሚሙ፡ እንታይከ ተሪፉ ክንላዘብ፡ ቡቲ ካልእ ወገን ከኣ ከም ኣፍሪቃውያን ደቀንስትዮ ዝሓለፍናዮ ዓወታት፡ ዘሎ ብድሆታት ክንዘርቲ ንሰለስተ መዓልታት ጸዑቕ ናይ ስራሕ ግዜ ይጽበየና ኣሎ" ዝበለት ፕረዚደንት ሃ.ማ.ደ.ኤ.፡ ብርግጽ ተመኩሮ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ብመስገደል ገድሊ. ምሕላፉ፡ ከም ወርቂ ብሓዊ ክደምቕን ናይ ሕጂ ጉዕዞኣ ሚዛን ክውሰኸሉን ስለዘኽኣለ፡ ካብ ምረት ዝመጸ መቐረት ምኳኑ ኣስሚራትሉ። ማሕበር ከምቲ ውድብ ኣብኡ ስለዝተወልደ ድማ፡ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይትኡ ናይ ሕጂ ጉዕዞ ደቀንስትዮ ንምሉእ ኣግእዞ ኩሉ ከምዝበኣል ኣሚኑ ክምርሽ ድርኺት ከምዝህቦ ኣነጺራ።

ኣስዒባ ወይዘሮ ልኡል፡ "ሎሚ ኑቲ ዝጸንሐ ባህልና ንምኹላዕ ናብ ሓድሽ መድረኽ ዘሰገረና ዕቑር ጸዓት ንምምንጫው፡ ንዝሓለፈ 10 ዓመታት ንዘገጠምናዮ ብድሆታትን ብመንጽሩ ዝመጸ ዓወታትን ቡብዓውደ ዕማሙ ክንገምግሞ ኣብ ድርኩኾት ኣለና" ድሕሪ ምባል፡ ኣብዚ እዋን'ዚ እቲ ማሕበር ልዕሊ. 300 ሽሕ ኣባላት ዝሓቖፈ ጽላል ብምኳኑ ኣውራ ኣብ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ቁጠባ ከም መሰረት፡ ፖለቲካዊ ናይ ውሳኔ ቦታታት ድማ ከም መቐጸልትኡ፡ ተሳትፎን ኣበርክቶን ናይቲ ፍርቂ ሕብረተሰብ ዝቐውም ገና ዕቑር ክበሃል ዝከኣል ዓቕሚ ደቀንስትዮ ብኹለንተንኡ ንምሕያል ምስ መንግስትን ግንባርን ብምምልላእ ክሰርሕ ከምዝጸንሐን ይሰርሕ ከምዘሎን ኣረዲኣ። ሃገርን መላእ ሕብረተሰብን ዝረብሓሉ ግቡእ ምዕራፍ ደቀንስትዮ ክዉን ዝኸውን፡ መላእ ሕብረተሰብ ሓላፍነት ወሲዱ ብዘገብሮ ጻዕሪ፡ መንግስቲ ብዘተግበሮ ፖሊሲታትን ሕግታትን፡ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ብዘጻወቶ መሪሕ ተራ ብምኳኑ ብምምልኣት ከኣ፡ ከም ኣካል ሕብረተሰብ ዓለም መጠን እውን፡ ጉዳይ ደቀንስትዮ ዓለማዊ ዛዕባ ኮይኑ ስለዘሎ፡ ቦታ ደቀንስትዮ ንምሕያል ዝዋስኣ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝርከባ ምንቅስቓሳት ደቀንስትዮ ንምሕያል ቀዳምነተን ዘላልያሉ ወቕቲ ምኳኑ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ኣብ ግንዛቤ ስለዘእትዎ፡ እቲ ምትሕብባር በዚ ኣጋጣሚ ተመላሊሉ ክቕጽል ኩሉ ዝከኣል ከምዝገብር ኣረጋጊጻ።

ኣብ ሻውዓይ ጉባኤ ሃ.ማ.ደ.ኤን ኣህጉራዊ ሲምፖዝዩምን ወከልቲ ኬንያ፡ ሱዳን፡ ኣብ ወጻኢ. ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ታንዛንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሩዋንዳን ብሩንድን፡ ኣብ ሃገራተን ደቀንስትዮ ንምሕያልን ማዕርነተን ንምርግጋጽን ብዛዕባ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርን ዝተበጽሐ ደረጃታትን ተመኩሮታተን ኣካፊለን።



# ጥዕና

/ር ላ

# ነብሰ-ቅትለት




ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝጠንቁ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ነፍሰቅትለት ኣለዉ። እቶም ኺናም ዝርኣዩ ኣጋባት ከኣ ብጠበንጃ፡ መድሃኒት፡ ማሕነቆቲ፡ ምስማም፡ ምጽዳፍ፡ ምጥሓል፡ ቃጸሎ ምጥቃስ ይከኣል። እዞም ኣገባባት ከበም ዓይነቶም ኣብ ወጺኢቶም ይፈላለዩ'የም። ገለ ክዕውቱ ከለዉ ገለ ከኣ ኣብቲ ነፍሰ ቅትለት ኣይዕወቱን እሞ ናብ ኣደዳ ሰንክልናን ካልእ ስነኣእምራዊ ሕማምን ይቃልዑ።

ነብሱቅትለት ዝፍጽም ሰብ ሓገዝ ክረኽብ ከይሓትት ይኽእል'ዩ። ዝበዝሑ ነፍሱቅትለት ዝፍጽሙ ሰባት ክሞቱ ኣይደልዩን'የም። ነቲ ዘለውዎ ስቅያት ደው ንምባል ከኣ ብሃንደበትን ጭግዝን ይትግብርዎ። ምኽልኻል ነፍሱቅትለት ንሓበርቲ ምልክታትን ጥርጣረታትን ብምልላይ ክፍተን ይከኣል። ሓደ ዓርከ መዘና ወይ ኣባል ስድራ ነፍሱቅትለት ንኽፍጽም ይደናደን ምህላው ምስ ዝፍለጥ ነቲ ኣርእስቲ ምልዓል የፍርህ ይኸውን። ኮይኑ ግን ብዛዕባ ሓሳባትን ስምዒታትን ነፍሱቅትለት ብቕሉዕ ልቢ ምዝራብ ሂወት ከድሕን ይኽእል'ዩ።

ዓለማዊ ውዱብ ጥዕና ከም ዘመልክቶ፡ ዓመታዊ ከባቢ ሓደ ሚልዮን ሰባት ብነፍሰቅትለት ሂወቶም ይስእኑ። ንሰባት ምሕላፍ ሂወቶም ምሕላፍ ዘየገድሶም እንታይ'ዩ። ዋላ'ኳ ብዙሕ ጠንቅታትን ኣቃላዕቲ ነገራትን እንተለዉ፡ ብቐሊሉ ክትርድኦን ክትግምቶን ግን ኣሸጋሪ'ዩ። ነፍሱ ቅትለት ዝፍጽም ሰብ ግን ኣብ ሓያል ሽግር ወይ ወሽጣዊ ቃንዛ ብዘይካ ነፍሱቅትለት ካልእ ኣማራጺ ዘሎ ኮይኑ ዘይስምዖ'ዩ።

ዝበዝሑ ነብሱቅትለት ዝፍጽሙ፡ ሓበርቲ ምልክታት ወይ ኣብ ወሽጦም ዘሎ የምልኩ እዮም። እቲ እንኮ መከላኸሊ ነብሱቅትለት ከኣ ኣቓዲምካ ምልላይን ብኸመይ ኣብ መዕለቢ ተብጽሖን ምሕሳብን'ዩ። ሓደ ዓርኪ ወይ መቕርብ ከምዚ ተስፋ ቆረጽ ሓሳብ ከምዘለዎ ምስ እትግንዘቡ፡ ካልእ ኣማራጺታት እናምጻእኹ፡ ኣብ ምኽልኻል ነብሰ ቅትለት ዓቢ እጃም ምምጻእ ይከኣል'ዩ።

ዝበዝሑ ነፍሰ ቅትለት ዝፍጽሙ ሰባት ብዝተፈላለዩ ስነኣእምራዊ ሕማማት ዝሳቐዩ እዮም። እዞም ዝስዕቡ ከኣ ናብ ነብሰቅትለት ዘምርሑን ዝመጣጠሩን ኮይኖም ንረኽቦም። ስነኣእምራዊ ሕማማት፡ ግዙእ ምስተ፡ ሕሉፍ ታሪኽ ፈተነ ነፍሰቅትለት፡ ወይ ተመሳሳሊ ሕሉፍ ታሪኽ ኣብ ኣባላት ስድራ፡ ሓያል ሕማም ወይ ሕዱር ቃንዛ፡ ሞት ናይ መቕርብ፡ ምፍልላይ፡ ግጭት፡ ተሃጽሎ፡ ጭንቀት ዘላዕል ኣፍራሒ ፍጻሜ፡ ኀፈር ወይ ዓመጽ ገለ ካብቶም ክጥቀሱ ዝኽእሉ'የም።

ምቅይያራት ኣብ ምምጋብ ከምኡ ውን ኣብ ድቃስ፡ እዚ ክበሃል ከሎ ጠንቁ ዘይተፈልጠ ሽውሃት ምዕጻው፡ ድቃስ ምስኣን ወይ ውን ካብ ንቡር ንላዕሊ ምድቃስ፡ ባሕታዊ ምኻን ምምራጽ ( ካብ ዓርከ መዛና፡ ስድራ ምፍላይ ምምራጽ )፡ ዘይግታእ/ ዓመጻዊ ባህሪ፡ መድሃኒት ወይ ኣልኮላዊ መስተ ምብዛሕ፡ ተደጋጋሚ/ ዘይቋርጽ ምስልካይ፡ ኣደኻ ምጉዳል፡ ቀጻሊ ምዕዝምዛም/ ምምራር ብዛዕባ ሓደ ዘሕርቕ ነገር/ ውሽጣዊ ርገኛ፡ ንብሰምኽንኻን ምጉዳል፡ ዝወሰድ መድሃኒት ምስትዙብር ብሃንደበት ምሕሳም. . . . ገለ ካብ ምልክታት ሓሳብ ነፍሰቅትለት ክኾኑ ይኽእሉ።

ኣብ ገለ ገለ ከኣ ብዛዕባ ነፍሱ ቅትለት ወይ ባዕላዊ ሃሲያ ምዝራብ፡ ብዛዕባ ሞት ምጽሓፍ፡ ንነብሱቅትለት ከገልግሉ ዝኽእሉ መሳርሒ ከም ተኰክስቲ፡ ገመድ ወይ መድሃኒት ምንዳይ ወይ ምድላው ካብ ቀንዲ ኣጠንቀቕቲ ምልክታት ነብሱ ቅትለት'የም። ኣጠንቀቕቲ ምልክታት ጥራይ ዘይኮኑ፡ እቲ ሰብ ህጹጽ ካብቲ ስነኣእምራዊ ነውጺ ዝደልየሉ ምልክታት'የም። ተስፋምቑራጽ ብቐሊሉ ዘይርኤ ግን ከኣ ካብ ሓደገኛ ምልክታት ነፍሱቅትለት'ዩ። ከምዚ ዓይነት ተስፋ ምቑራጽ፡ ሂወት ክትቅጽል ኣገዳስነት ከምዘይብላን፡ ዓለም ከም ዝጸበበት ኮይኑ ከስምዕን ይርኢ።

ንሓደ ዓርኪ ወይ ኣባል ስድራ፡ ብዛዕባ ሓሳባዊን ስምዒታትን ነፍሰቅትለት ምዝራብ ንዘኾነ ሰብ ኣገዚፉ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ርግጸኛ ምስዘይትኸውን፡ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ምፍላጥ ነዚ ኣሉታውን ሃሳይን ሓሳባት ምሕታት እዩ። ነዚ እከይ ሓሳባት ንምውጻእ ምስ ዝፍተን፡ ንነብሱቅትለት ዝሓስብ ዘሎ ሰብ ስምዒታቱ ምግላጹን፡ ዝርብሖ ዘሎ ነገራት ንምውጻእን ካብ ኣሉታዊ በይናዊ ውሳነ ክናገፍን የኽእሎ።

እዞም ዝስዕቡ ዝርርብ ንምጅማር ሓገዝቲ ክኾኑ ይኽእሉ። ካብዚ ቀረባ እዋን ብዛዕባኻ ገለ ስምዒታት ኣለኒ። ብዛዕባኻ ገለ ምቅይያራት ተዓዚበ ኣለኹ፡ ቅሩብ ኣተሓሳሰብኪ ኣሎ። ገለስ ከረጋግጽ ዝደለኹ ኣለኒ፡ ምኽንያቱ ኣብዚ ቀረባ እዋን ቅሩብ ተቐይርካ ኣለኻ፡ ከምዚ ዓይነት ሕማቕ ስምዒት መዓስ ከምዝጀመሮ ብልዙብ ምሕታት፡ እንታይ ከምዘጋጠመ ምፍታሽን፡ ደገፍ ምንዳይን፡ ኣብ ጎድኑ ደው ከምትብል ምርግጋጽ፡ ጸገማቱ ጸገን ኣልካ ብኣንክሮ ምስማዑ ተደናጋጺ፡ ዕገስ ምኻን፡ ተስፋ ምሃብ፡ ነገራት ክቀያየር ምኻኑ ብዕቱብ ምምካር፡ ካብ ዘለዎ ወጥሪ ክናገፍ ምኻኑ ምርግጋጽ፡ ኣብ ምኽልኻ ፍጻመ ነብሱቅትለት ዓቢ እጃም ምብርካት ይከኣል።

ብጺይካ ንምሕጋዝ ዝከኣለካ ግበር። ሞያዊ ሓገዝ ክረኽብ ከምዘለዎ ከኣ ምምካር ወይ ምሕጋዝ ከኣ ናብ ዕዉትን ውጽኢታዊ ፍታሕን ከምዝምርሕ ምግንዛብ የድሊ። መድሃኒት ዝከታተሎ ምስ ዝህሉ ከኣ ኣብ ግዜኡን ዓቐኑን ከም ዝወስድ ምግባር፡ እወታዊ ዝኾነ ናይ ባህሪ ለውጢ ከም እኹል ድቃስ፡ ስፖርት ምዝውታር፡ ኣብ ከባቢኻ ዘወረወር ምባል ካብ ዘሎ ወጥሪ ከምዝናግፉ ድማ ምግንዛብ የድሊ። ንነብሰ ቅትለት ክኾኑ ዝኽእሉ መሳርሒታት ከኣ ካብ ዝቐረበ ቦታ ክእለዩን ኣብ ውሑስ ስፍራ ክቕመጡን ካብ ብዙሓት ሃንደበታዊ ነብሰቅትለት ክናግፉ ምዝቡር ይግባእ።

# ምልክታት ጸጸር ሓሞት

ሓሞት ኣብ ላዕለዋይ የማናይ ወገን ከብዲ ኣብ ትሕቲ ጸላም ከብዲ ጠቢቓ እትርከብ ህዋስ'ያ። እዛ ህዋስ ካብ ጸላም ከብዲ ንዝተፋለወ ፈሳሲ ሓሞት ንምዕቃብን ፡ ነዚ ፈሳሲ ናብ ክፋል ንእሹቶ መዓንጣ ንምጩንጓዕን ትሳጥፍ። ፈሳሲ ሓሞት ንስብሒ ንምሕቃቕ ዓቢ ተራ ይጻወት።

ጸጸር ክበሃል ክስማዕ ከሎ ምስ መግቢ ወይ ማይ ብዝተዋሕጠ እኽብካብ ወይ ድርቕምቃም ዝፍጠር ዝመስሎም ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ'የም። ጸጸር ኣብ ኩሊትን ስርዓተ ሽንቲን ሓሞትን ክፍጠር ይኽእል። ጸጸር ሓሞት ከኣ ኣብ ወሽጢ ኣካል ሓሞት ዝፍጠር ደኣ'ምበር ካብ ደገ ዝመጸ ኣይኮነን።

ምልክታት ጸጸር ሓሞት፡ ኣብ ሙብዝሕትኡ እዋን ምልክት ከይህልዎ ይኽእል'ዩ። ምልክታት ምስ ዝምዕብል ግን ቀጻሊ/ተመላላሲ/ ቃንዛ ኣብ የማናይ ላዕለዋይ ከብዲ ወይ ፈርፋሪት ልቢ፡ ተምላሲ ዕግርግር ምባል፡ ቃንዛ ናብ ሕቆን መንኩብን ክዘርጋሕ ይኽእል። ኣብ ገለ ገለ'ውን ቃንዛ ተመላላሲን ኣዝዩ ሓያልን ክኸውን ይኽእል። ሙብዝሕትኡ እዋን ምልክታት ኣብ ድሕሪ ምምጋብ ብፍላይ ምስ ስብሒ ዝበዝሖ መግቢ ይኸስቱ። ጸጸር ሓሞት ንተደጋጋሚ ረኽሲ ሓሞት ከቃልዕ ይኽእል። ኣብ ከምዚ እዋን ከኣ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምስ ረስኒ ኣካላት፡ ሓያል ተምላስን ክስዕቡ ይረኣዩ።



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደስ



## ብስራት

ንኹሎም ሰብ-ሞያ ጥዕና ፣ መምህራን ፣
ወለድን ተመሃሮን ኣብ ሃገርና
ብዓይነታ ናይ መጀመርታ መጽሓፍ
"ሓኪም ስኒ ኣብ ዘይብሉ"
ቅድምን ድሕርን ሕማም ስንን ግርጻንን
እንታይ ክትገብር ኣሎካ ብደቂቕ እትሕብር
መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ ተቐሪባትልኩም ኣላ።

ቴል 07144674 / 07287350

Eritrean Airlines

## ብስራት ካብ መንገዲ ኣየር ኤርትራ!



መንገዲ ኣየር ኤርትራ፣ ኣብ ርእሲ እቲ ስሩዕ በረርኡ ካብ 5 መስከረም 2014 ጀሚሩ፣ ኣስመራ ካርቱም፣ ካርቱም ጁባ፣ ጁባ ካርቱም፣ ካርቱም ኣስመራ ወትሩ ዓርቢ ብረራ ከም ዝጀመረ ብሓጎስ የበስር።

ብዘይካ እዚ ኣብ ሰሙን 3 ግዜ ዱባይ፣ 2 ግዜ ጂዳ ኣብ ሙዱብ በረራ ምህላው ደጊሙ ይሕብር።

ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ብቑ/ቴሌ-ፎን 125500/01 124409 ደዊልኩም ተወከሱ፣

Eritrean Airlines

---

# DolceVita®

THE ITALIAN LIFESTYLE

ዛኤር ሓ.ዝ.ብ.ማ. ርሑስ በዓል
" ቅዱስ ዮውሃንስን ሓድሽ ዓመትን ግእዝ" እናበለ
ኣብ ዝተፈላለየ ብሉጽ ፍርያቱ ካብ 20% ክሳብ 50%
ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበረ ንዓማዊሉ
ከበስር ይፈቱ፣፣

## ኣድራሻና

ኣስመራ
- ጎደና ሓርነት ቁ. 32
ፊት ካተድራል ቤ/ክ
ቁ.ስ. 110074

- ጎደና ተጋደልቲ (ባራቶሎ ነበር)
ጎዳይፍ

ቁ.ስ. 182383

- ኣስማራ ፓላስ
ቁ.ስ. 153700 ext.2280

ከረን
- ፓላሶ ሪሻ
ቁ.ስ. 400301

---

ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ E.T.I.

ERITREA TEXTILE INDUSTRIES P.LC

## ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ንኹሎም ምእመናን ክርስትና ፣ ናብ በዓል ቅዱስ ዮሃንስ እንቋዕ ብደሓን ኣብጸሓኩም እናበልና ሰናይ ምንዮትና ንገልጽ ።

ትካልና ብምኽንያት በዓል ቅዱስ ዮሃንስ ካብ 8 መስከረም 2014 ክሳብ 20 መስከረም 2014 ዝጸንሕ
ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበረ ንክቡራት ዓማዊልና ነበስር ።

ብምኽንያት እዚ ዓቢ በዓል ንዓበይትን ንናእሽቱን ናይ ክልቲኡ ጾታ ዘገልግሉ፦

| | | |
|---|---|---|
| ፧ ማልያታት | ፧ ጃኬት | ፧ ስረ |
| ፧ ብራቴሊ | ፧ ኮምፕላስዮኒ | ፧ ካምቻ |
| ፧ ሙታንታ | ፧ ጋውን | ፧ ኣንሶላ |
| ፧ ፒጃማ | ......... | ወዘተ |

ቀሪብና ኣሎና ።
ብጽሑና !! ብርትዓዊ ዋጋና ፣ ብጽፈት ምህርትና ፣ ብምቕሉል ኣቀባብላና ክትዓግቡ ኢኹም ።

ኣድራሻና፦ ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ ተሌፎን 182967
ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ

---

# ምልክታ

ወነንቲ ብርኪ ኣባላት ማሕበር ናይ ኢንተሊጀንስ ቢዝነስ ሲስተም ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር (Intelligence Business System, PLC.) ኣብ ዝገበርዎ ዘይወግዓዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ከምዚ ዝስዕብ ተሰማሚዖምን ኣጽዲቖምን።

1. ኣቶ ሃይለ ተስፋጽዮን ገብረስላሴ፣ ዝነበሮም 200 ብርክታት ናብ ኣቶ ፍጹም የማነ ዓንደሚካኤል
2. ወ/ሮ ልኡል ተስፋማሪያም ክፍለ፣ ዝነበረን 200 ብርክታት ናብ ኣቶ ፍጹም የማነ ዓንደሚካኤል
3. ኣቶ ገብረትንሳኤ ክፍሉ ጋብር፣ ዝነበሮም 150 ብርክታት ናብ ኣቶ ዓንዳይ ኣብርሃም ዓንደጽዮን ኣመሓላሊፎም ነዚ ውሳኔ ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቖም።

ብዘጽደቕዎ ውሳኔ መሰረት ወነንቲ ብርኪ ከምዚ ዝስዕብ ምዃኑ ንሕብር።

| ስም ኣባላት ማሕበር | % | ብዝሒ.ብርኪ | ዋጋ ብርኪ | ድምር ናቕፋ |
|---|---|---|---|---|
| 1. ኣቶ ፍጹም የማነ ዓንደሚል | 80 | 600 | 1000 | 600.000 |
| 2. ኣቶ ዓንዳይ ኣብርሃም ዓንደጽዮን | 20 | 150 | 1000 | 150,000 |
| ድምር | 100 | 750 | 1000 | 750,000 |

ንዘይተወሰነ ግዜ ካብ 15/08/2014 ጀሚሩ ናይ'ዚ ሓድሽ ማሕበር ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ፍጹም የመነ ዓንደሚካኤል ኮይኖም ተመሪጾም።

ኢንተሊጀንስ ቢዝነስ ሲስተም ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር
(INTELLIGENCE BUSINESS SYSTEM PLC.)

# ፍትሒ ፍኖትና፡ ማዕርነት ምዕራፍና

# ወፍሪ ኣብ ጓለንስተይቲ፡ ወፍሪ ኣብ ስድራ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ


ምሕረት ሓየሎም

ሃማደኤ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሻውዓይ ጉባኤኡ ኣብ ምስልሳል እዩ ዝርከብ። እቲ ማሕበር ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገርና ዘካይዶ ንጥፈታት እውን ክሰላሰል ጸኒሑ እዩ። ሃማደኤ ዘካይዶ ንጥፈታት ኣብ ዝተፈላለዩ ሸነኻትን ብዙሕን እንተ ኾነ፡ ብፍላይ ብዝዕባ'ቲ ጸገማት ደቂ ኣንስትዮ ኑብሰን ከም ዝኽእላ ንምግባር፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተኣታተወ መደብ ልቓሕን ሓገዝን ከምኡ'ውን ወጽኢቱ ንምርኣይ ናብ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ዓንሰባ ተንቀሳቒስና። ንሓለፍቲ ሃማደኤ ናይ'ቲ ከባቢን ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ልቓሕን ሓገዝን ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ኣዘራሪብና። ሎሚ እምበኣር ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ምምሕዳር ከባቢ ግላስን፡ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድን ዝገበርናዮ ሓበሬታ እነሆ፦

***

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ግላስ ናይ'ቲ ማሕበር ሓላፊት ወ/ሮ ኣልጋነሽ ወልደየሱስ "ኣብ ግላስ 99 ንኸውን ጥርኑፋት ኣባላት ሃማደኤ ኣለና። እዚ ብሃማደኤ ዝግበር ዘሎ ርእሰኻ ናይ ምኽኣል ናይ ልቓሕን ሓገዝን መደባት ተስፋ ዘለዎ ወጽኢት እናረኣናሉ ኢና መጺእና። ደቂ ኣንስትዮ ናብራኦን ንኸመሓይሻ ናይ ሓገዝን ልቓሕን መደብ ምስ ጀመረ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢና ናብራና ምስ ገለጽት ዝተኣሳሰረ ብምዃኑ ፈለማ ኑተን ጸገማት ዝበዝሓ ደቂ ኣንስትዮ 10 ኣእዱግን ጀራኻናትን እዩ ተዓዲሉ። ክሳብ ሕጂ ብእኡ ማይ እናጓረታ ብምሻጥ ዝጥቀማ ደቂ ኣንስትዮ ኣለዋና። ንዝኾኑ ይኹን ጽሁት እውን የገልግለና። ኣድጊ ኣብ ኩነታት ኣካባብራና ዓቢ ተራ እዩ ዘለዎ። ደርሁ'ውን ተለቂሕና ነይርና። ደርሁ እናፍረና ገለ ኣታዊታት ክንረክብ ምስ ጀመርና፡ ሕማም ስለ ዝመጽአ እተን ደርሁ ክሰርራ ኣይከኣላን። ድሕሪኡ ድማ ሓሓሙሽተ ኣጣል እየን ተዋሂበናና። ኣብ ፈለማ ሓያሎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምምላስ ከይሸገራ ስለ ዝፈርሓ፡ ግርህ ኢለን ክወስዳ ኣይተተባበዓን። ስለ ዝኾነ እተን ፍቓደኛታት ዝኾና ጥራይ እየን ወሲደን። ደሓር ግን እተን ኣጣል ዝወሰድና፡ እናጓሰናን እናፍረናን ጽቡቕ ክንመሓየሽ ምስ ረኣያ ክወስዳ ተተባቢዐን። እዘን ኣጣል ክሳብ ሕጂ ን388 ስድራ ቤታት ተዓዲለን ኣለዋ። ብዙሓት እውን ንኽወሃባን ደጊመን ይሓታ ኣለዋ። ካብ'ተን ዝወሰድናየን ኣጣል ኣብ ዓመት ሓንቲ እናመለስና ዝበዝሕና ልቓሕና መሊስና ኢና። እተን ብኸምኡ ዝተኣከባ ኣጣል ድማ ኑተን ዘይወሰዳ እናተዋህበ እቲ መደብ እናዓበየን ኣብ ኩላትና እናተባጽሐን ይኸይድ ኣሎ። እቲ መደብ ብሓፈሻ መኣብሮ ደቂ ኣንስትዮ ንምምሕያሽ ዝተበገሰ ክኸውን ከሎ፡ ኩላተን ኣባላት ኣብ ሓደ እዋን ከጠቓልል ዓቕሚ ስለ ዘየሉ፡ ብቐዳምነት ኣብ'ተን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብራኦን ንኽመርሓ ዝሸገራ እዩ ዝጥምት። ኣንስቲ ሰወኣት ወይ እውን ብዚወት ዘየለወ፡ ፍቱሓት፡ ዓበይቲ፡ ዘኽታማት. . . ድማ ናብራኦን ተራእዩ ቀዳምነት ይወሃበን። ማሻላህ እተን ኣጣል ተገዲስካ ምጉሳይ ጥራይ እየን ዝደልያ እምበር፡ ናይ ኢደካ ኣይከልኣኻን እየን። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ክራማት ጽቡቕ ስለ ዘይነበረ፡ ወርቅና ሸጥና ዲና ካልእ እናገበርና ብኸበር ዋጋ ሳዕሪ እናገዝእና ብኽንደይ ሓርኮትኮትን ጥንቃቐን ኢና ዓቂብናየን። ሕጂ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሕና ኣለና። ሎሚዘበን ድማ ክራማት ጥሉል ስለ ዘሎ፡ ዚያዳ ክፈርያልና እየን። ኑተን ኣብ ሽቓጥ ይኹን ካልእ ንዕኡ ዝመሳሰል ንጥፈታት ዝዋፈራ ድማ ናይ ገዛእ ልቓሕ እናተዋህበ ከም ዝሕግዞ ይግበር ኣሎ። እተን ዘይረኸብ ድማ ከማና ክመስላ እዩ ተስፋና።

ድሕሪ'ዚ ድማ፡ መጠኒ ካብ ገርክን እተን ቀድሚ ሕጂ ሰለስተ ሽሕ ወሰደክን ዝበርክን ሽሽሞንተ ሽሕ ክንህበክን እተን ዘይጀመራ ድማ ብሕሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ኣጣል ክወስዳ እየን ተባሂልና፡ ኣብ ግብሪ ክሳብ ዝውዕል ንጽበ ኣለና። ኩላተን ደቂ ኣንስትዮ በቲ ዝቐደመ ወጽኢት ስለ ዝተተባበዓ ብተስፋ እየን ዝጽበያ ዘለዋ። እቲ ዝሸቕጥ ሸቒጡ ገዝኡ መሊሱ እዩ። እቲ ዘፋሪ ድማ ካብ'ተን ዘፋረያን እናሃበን እናሸጠን ልቓሑ ይመልስ ኣሎ። ኣብ'ዚ ናይ ሓገዝ መደብ ክሳብ ኣብ ምምሕዳር ከባቢና 78 ኣባላት ተጠቀምቲ ኮይነን ናብራኦን ኣብ ምምሕያሽ ኣውዒለንኦ ኣለዋ። ክሳብ ሕጂ ግን ኣብ ሓሙሽተ ዓድታት ደኣምበር ኩላተን ኣይበጽሐንን ኣሎ" ክትብል ሓቢራትና።

ተቐማጢት ግላስ ሕርይቲ ተከአ ብወገና፡ "ፈለማ ምእንቲ ንማይ ይኹን ንኻልእ ነገራት ክጥቀመሉ ንጸገማት ደቂ ኣንስትዮ ኣእዱግ ተዓዲሉ። ደሓር ድማ እተን ክንወስድ ኢና ዝበልና ካብ ዕዳጋ ሓሓሙሽተ ኣጣል ወሲድና። ቀጺሉ እውን ልቓሕ ናይ ዓዳዊ ባንክ ምስ ተጀመረ፡ እተን ገንዘብ ዝወሰዳ ብዓመን ፋሕተርተር እናበላ ተበጊሰን። እቲ ልቓሕ ናይ ብሓቂ ሓጊዚ እዩ። ብፍላይ ኣጣል ጽቡቕ ዝኾነ ሓገዝ እየን። ሕጂ ድማ ማሻላህ ክራማት ጽቡቕ ስለ ዘሎ ዚያዳ እናፍረና ክንብዝሐን ኢና። ኣብ'ዚ እዋን ኣጣለይ 15 በጺሐን ኣለዋ። ጸቡ ጠስሚ ካብኦተን ንጥቀም። ዚያዳ ክርከብ ከሎ ድማ ሸይጥና ካልእ ጠለባትና እናገዝእና ንነብር ኣለና። ኣእዱግ ንገዛእ ርእስን ብፍላይ ኣብ ምውራድ ማይ ንተቐማጦ ሓጊዞናና እየን። ክሳብ ክልተ ሰዓት እናተጓዓዝና ኢና ማይ ንወርድ ነይርና። ኣብ'ዚ ጸገም ናይ ደቂ ኣንስትዮ ትምህርቲ እዩ። ካብ ካልኣይ ደረጃ ንጸው ኣመና ይርሕቐን ኣሎ" ትብል።

ኣስዒባ እውን "እቲ ሓገዝ እንተ ዘይህሉ ከም ቀደምና ምተሸገርና። ሕጂ ግን ጸቡና ንስቲ፡ ደቅና ነቢ፡ ኣውደኣመት ክኸውን ከሎ ከኣ ብዓቕምና ተባዕታይ እናሓረድና ንሰብና ንመስል። ስለ'ዚ ሕጂ ተወሳኺ ሓገዝ ኢና እንጽበ ዘለና። ጥዕና ናይተን ኣጣል ምክትታል ክግበረለን ንደሊ። ብተወሳኺ እውን ቀደም ማይ ስለ ዘይነበረ ናይ ጀርዲን ስራሕ ሸግር ኩይኑ እዩ ጸኒሑ። ሕጂ ግን ደሮ ማይ ተረኺቡ ስለ ዘሎ፡ ሓገዝ እንተ ረኺብና እንተ በጠንጀለ እንተ በበውልቂ ጀራዲን ክንገብር ዘይንኽእለሉ ምኽንያት የለን። ሲንጀር ዝተማህራ'ውን ኣለዋ። እተን ዓቕሚ ዘለወን ማሽን ገዚአን ይሰርሓ ኣለዋ። እተን ዓቕሚ ዘይረኸባ ግን ተማሂረን ኮፍ ኢለን ስለ ዘለዋ ስራሕ ዝረኽባሉ መንገዲ እንተ ዝፍጠር ኑብሰን ምኸኣላ። ደናግል፡ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ዝኽፈል ናይ ገንዘብ ደገፍ እውን ይገብራልና እየን። ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጸገም ኩይኑ ዘሎ፡ ናይ ትምህርቲ ጉዳይ እዩ። ካብ'ዚ ክሳብ ዳዕሮታይ ሓደ ተማሃራይ 20 ናቕፋ እናኸፈለ እዩ ዝኸይድ። ንኣብኡ ክልተ ቈልዑ ዘለዋ ኣደ ንመዓልቲ ንመጓዓዝያ ጥራይ 80 ናቕፋ እናኸፈለት ክተምህርም ዝከኣል ኣይኮነን።

ሓላፊት ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ሉተኺዳን ወልደገርጊስ፡ ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣብ 16 ምምሕዳር ከባቢታትን 87 ዓድታትን ከም ዝጥፍ፡ ብምሕበር ብዘይካ ካልእ ንጥፈታቱ ጸግዕሙ ኣደ ምእንቲ ብቑጠባ ክትዓቢ ዝተፈላለየ መደባት ሓገዝ ከም ዘካይዳ እውን ትሕብር። ከም ኣበሃት ኣብ 2010 ኣብ ሰለስተ ምምሕዳር ከባቢታት ን247 ደቂ ኣንስትዮ ኣጣል ከም ዝዓደላን ብድሕሪኡ እውን እቲ ናይ ምሕጋዝ መደብ ቡጥዝሒኡ ይቕጽል ከም ዘሎን ብምሕበር፡ እቲ ልቓሕ ሓጋዚ እንተ ኾነ ንኹላተን ደለይቲ ብሓንሳብ ክወሃብ ስለ ዘይክእል ክሳብ ሕጂ ናይ ልቓሕ ጠለብ ዘቕርባ ደቂ ኣንስትዮ ሓያሎ ከም ዝኾና እውን ትገልጽ። ብዛዕባ ሻውዓይ ሃገራዊ ጉባኤ ደቂ ኣንስትዮ እንክትገልጽ ድማ፡ ጉባኤ ዝሓለፈ ዕማማትካ ገምጊምካ ንዝቕጽል መንገድኻ እተጠጣሓሉ ምዃኑን ካብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ወኪልተን መሪጽን ኣብ ምንፋል ከም ዝርከባን ሓቢራ።

ተቐማጢት ዕላበርዕድ - ኤደን ሉላ ግርማይ ብዛዕባ'ዚ ብሃማደኤ ዝወሃብ ንኡስ ልቓሕ እንክትገልጽ፡


ኣኽበረት ስለሙን


ጺጋ ስዩም


ኣልጋነሽ ወልደየሱስ

"ብሃማደኤ ብዝተገብረለይ ልቓሕ ኣሕምልቲ እናተጃመልኩ እየ ናብራይ ዝመርሕ። ፈለማ ሰለስተ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ገምጋም ሓሙሽተ መዝገበ-ቃላት




<u>ራብዓይ ክፋል</u>

## ግዕዙ-ትግርኛ

<u>ብዶ/ር ሓዱስ ጉብረ ማሕቆል</u>

(3) "መዝገበ ቃላት ግእዙ-ትግርይና" ብጉብረእግዚእ ኣድጎ(ሓ)ናም፥ 765 ገጻት (ሁጸ)፥ 2010፥ ኣስመራ

ኣብቲ ብመምህር ጉብረእግዚእ ኣድጎ(ሓ)ናም ዝተዳለወ መዝገበ-ቃላት ቋንቋ ትግርኛ ዋላ'ኳ "ትግርይና" ይብሃል እምበር ብምድግጋም ትግርኛ'ውን (ገጽ ሁ፥ 32) ተባሂሉ ይግለጽ እዩ። ይኹን እምበር፡ ቋንቋ ዓረብ'ውን "ዐረብኛ" (ገጽ ሑን) ካብ ተባህለ ንምንታይ ድኣ "ዐረብይና" (ዓረብይና) ዘይተባህለ፧

መምህር ጉብረእግዚእ ኣድጎ(ሓ)ናም ዝጥቀምሉ ናይ ኣጸሓሕፋ ስርዓት ከምቲ ብዙሓት ስነ-ቋንቋ ተመራመርቲ ኑቲ ቅድሚ 1,000 ዓመታት ንዝነበረ ትግርኛ ዝመስል ወይ ንሱ ድማ ኣዝዩ ክቀራረብ ዝኽእል እዩ ኢሎም ብዝሃምትዎ ዓይነት ኣደማምጻ ቃላት በዚ መጽሓፍም ተቐሪጹ ክንጽበርቐ ምርኣይ ንዝተወሰኑ ነብቢቲ ፍሉይ ታሕጓስ ዝሁብ ንኣሰናዳኢ ድማ ኣድንቖት ዘትርፍ ኣሐብዚ ታሪኻዊ ቅርሰ-ጽሑፍ እዩ።

እዚ መጽሓፍ ካብቶም ካልኦት መዝገበ-ቃላት ግዕዙ-ትግርኛ ፍሉይ ዝገብሮ ምኽንያት በቲ ናይ ትግርኛ ጽሑፍም ኑቶም ሓሙሽተ ግእዝ ፊደላት - ሀ፥ ሐ፥ ኀ፥ አ፥ ዐ - ኣብ ክንዲ ብራብዕ (ሃ፥ ሓ፥ ኃ፥ ኣ፥ ዓ) ዝጽሕፍዎ ካብቲ ናይ ቋንቋ ግዕዝ ኣጸሓሕፋ ስርዓት ከይወጽኡ ብግእዝ ፊደላት ስለ ዝጸሓፉ እዮም።

እምበኣርከስ፡ ቋንቋ ትግርኛ በዚ መዝገበ-ቃላት ከምቲ ናይ ቋንቋ ግዕዝ ኣጸሓሕፋን ኣደማምጻን ኣገባብ በዞም ሓሙሽተ "ቀዳድቲ" ብግእዝ ፊደላት ዝተጻሕፉ ከም ብራብዕ ኮይናም እናተነበቡ ከምቲ ንኣዝዩ ብዙሕ ዘመናት ዝነበሩ ከኒታት እዩ ቀሪቡ ዘሎ። በዚ ዘለናዮ ዘመን ግን ቋንቋ ትግርኛ በቲ ዝነበሮ "ድሑር" መጻብጢ ቦታ ከሊኡ ወይ ኣጸበቡ ወይም ዕትዕት ኣቢሉ ሐዙ ካብ ዝበረሉ "ቀያዲ" ናይ ኣጸሓሕፋን ኣደማምጻን ስርዓት ከይወጽአ ንዘመናት ተጓዒጹ ዝጸንሐ ከም ዘይኣኸሎ ሕጂ'ውን ንሱ ዓይነት ኣጸሓሕፋን ኣደማምጻን ስርዓት ሐዙ ይቐጽል ንዝብል ሓሳብት ዝቐበል ሰብ ውሑድ ምኻኑ ግሁድ እዩ።

ስለዚ፡ እዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ማለት ቋንቋ ትግርኛ ከምቲ ቋንቋ ግዕዝ በዘን ሓሙሽተ ፊደላት "ተቐይዱ" ክጽሕፍ ክዕሱሕፍሐ ንቕድሚት ድማ ከይሰጕመ ይኸዉር ኢልካ ምሕሳብ ኮይኑ ስለ ዝርኣ እዩ።

ብዘወሳኺ'ውን ኣብዚ መዝገበ-ቃላት ሓሓሊፉ ናይ ፊደላት ኣጸሓሕፋ ጌጋታት ንኣብነት "አፍረየ" (ገጽ 32)፥ "ፍላለየ" (ገጽ 38)፥ "አንፍሐተ" (ገጽ 260)፥ ወዘተ. ኣብ ክንዲ ኣፍረየ፥ ፈላለየ፥ ኣንፍሐ፥ ወዘተ. ተጻሒፉ ይርከብ እዩ። እዚን ከምዚን ዝመስሉ ቃላት ግን ዋላ ብዙሒ ወገን'ውን ቅልል ኢሎም ንዝርኣዩ ክእረሙ ዝኽእሉ ናይ ትግርኛ ትርጉም ጌጋታት (ንኣብነት ለሐሰ– ... መጥመጠ፥ መጸጸ -ገጽ 13- ኣብ ክንዲ መጸየ) የጋንፉ እዮም።

ብዘወሳኺ ድማ ናይ ግዕዝ ሊቅ ሃሊቃ ኪዳነ ወልድ ክፍሌ ኣብቲ "መጽሐፈ ሰዋስው ወግስ ወመዝገበ ቃላት ሐዲስ" ገጽ 372 "ህለ= ምውዓይ፤ ምምስጋዝ፤ ምሽብሻብ፤ ምድራፍ" ብምባል ይገልጹ፤፡ መምህር ጉብረእግዚእ ኣድጎ(ሓ)ናም ድማ ብጌጋ ወይ ኮነ ኢሎም "ህለሉ– ወደሰ፤ ኣመሰገነ፤ ዐለለ" ኢሎም ይጽሕፉ፤፡ እዚ ዓይነት ኣገላልጻ ካብ "ህለለ" ዝተባህለ ናይ ግዕዝ ቃል ናብ "ህለሌ" ዝብሃል ናይ ግዕዝ ቃል ክሰጋገር ናይ ግድን ስለ ዘኾነ ኣብ ሰሌዳ ን"ኒለ"ን ትርጉሙን ክንግንዘብ ኣድላዪ ምኻኑ ከተሓሳስብ እፈቱ።

እዚ ዓይነት ጌጋታት ናብ ግዕዝ ቃላት (ሰሌዳ ንርኣ) ተሰጋጊሮም ንዘብብቲ ድማ ካልእ ትርጉም ክፍድዩሎም ስለ ዘገድዱ እቲ ዘጋጥሞም ክስተት ክብድ ዝበሉ ጌጋታት እናበርትዐ ከም ዝኸይድ ዘጠራጥር ከኒታት ኣይኮነን። ብጹእ ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም ጌጋታት ዝሓዘ መጽሓፍ ምኻኑ'ውን ተገንዚቦም ኣብቲ ናይቲ መእተዊ መጽሓፍ "ሰብ ዝገበሮ ከሉ ፍጹም ስለዘይኮነ፡ እዚ መጽሓፍ ክትጥቀሙሉ ከሎኹም ገለ ጌጋ ምስ ዘጋንፈኩም፡ ንዝመጽእ ብዝተመሓየሸ መልክዑ ንኽልኣይ ጊዜ ምእንቲ ክ ኣትም ... ክትሕብሩ ሓደራ" ይብሉ፤፡ መተሓሳሰቢ ናይ ሓደራ ጽሑፍም ድማ ግቡእ እዩ። ብርግጽ፡ ህድኣት ብዝመልኦ ከኒታት ብኣገባብ ተጻሒፉ ንኻልኣይ ግዜ ተመሓይሹ ምስ ተሓተመ ግን ቋንቋ ግዕዝ ከም ቀንዲ መወከሲ ግዕዙ-ትግርኛ መዝገበ-ቃላት ኮይኑ ንተገልግሎት ተመሃሮን መምህራንን ሰፊሕ ጥቕሚ ክህብ ትጽቢት ዝግበረሉ መጽሓፍ እዩ።

ትሕዝቶ ናይዚ ብመምህር ጉብረእግዚእ ኣድጎ(ሓ)ናም ዝተዳለወ መጽሓፍ'ዚ ከም ንጹር ኣተኣማምኒ መወከሲ ኮይኑ ንዘብብቲ ክቐርብ ዘኽእሉ ቀንዲ ምኽንያት ካብቶም ብኣዳለዊ ዝተፈጸሙ ጌጋታት ብዘወሳኺ ድማ ካብ ናይ ሊቀ መዘምራን የማነ ብርሃን ወልደ ጉብርኤል* መዝገበ-ቃላት ኣዝዮም ብዙሓት ጌጋታት ከምኡ'ውን ብመጠኑ ካብ ናይቲ ኣዝዩ ፍሉጥን ህቡብን ስነ-ቋንቋ ሊቅ ፕሮፌሰር ውልፍ ሌስላው** (Professor Wolf Leslau: 1991) መዝገበ-ቃላት (ሻውዓይ ክፋል) ከይተኣረሙ ተቐዲሖም ስለ ዝተጠርነፉ ኣብቲ መጽሓፍም ብግልጺ ተንጸባሪቖም ስለ ዝረኣዩ እዩ።

እስኪ ኑቶም ዘሸክፉ ናይ ግዕዝ ቃላት ከምኡ'ውን ናይ ትግርኛ ትርጉሞም ንርኣ!

| ገጽ | ግዕዝ | ትግርኛ | እሩም ግዕዝ | እሩም ትግርኛ |
|---|---|---|---|---|
| 1(1) | ሀለለ | (1) በርሀ፡ ደመቐ፡ ተቓጸለ፡ ሃልሃል በለ። (2) ወደሰ፡ ኣመሰገነ፤ ዐለለ። | ሀለለ፤ ሐለለ | በርሐ፤ ተቓጸለ |
| — | — | — | "ሀለ" | "ወደሰ፤ ኣመሰገነ፤ ዐለለ" |
| 2 | ሀለሌ | ሂለሉ፡ ሀላሊ ኣድጊ | ሀለሌ | (1) ህላላ (ሂላላ) ኣድጊ (2) ኣርሐ፥ ዝራብዕ |
| — | — | — | ኂለ | እልል እልል በለ፤ ደንፍዐ |
| — | — | — | ኂ(ሐ)ለየ | ዘመረ፤ ደረፈ |
| 2(2) | ህልቁንደስ* | ስም ናይ መንፈስ ቅዱስ | ሕልንቁደስ | — |
| 2(3) | ሃላንሶ፡ | | | |
| ሃላንሶን | | | | |
| [ሃላንሶን]* | (1)እጅግ ዘይብሉ . . . ቀሚሽ ... (2) ዕማመት፡ መጠምጠምያ፡ . . . ቀበቶ፡ (3) ምንጸፍ | ሃላንሰን | መጠምጠምያ፥ ሻሽ | |
| — | — | — | ለቢጦናር | ሓጺር እጅገ ዘይብሉ ናይ ካህን ቀሚሽ |
| — | — | — | ለቢጦር | ለቢጦናር ርኣ |
| 3(4) | ሀሮስ** | ሰማይ | ሐናስ | ሰማይ |
| 6(5) | ህያክንቶስ፡ ህያክቶስ [ህያክቶስ]* | (1) ሐደ ክቡር እምኒ ወይ ዕንቍ ... (2) ሕብራዊ ግምጃ | ህያክንቶስ | ክቡር እምኒ፥ ዕንቍ jacinth |
| 8(6) | ሄጼጼ* | ደገ ሰላም | ሐጼጼ | — |
| 12(7) | ላሀየ | (1) ኣደሰተ . . . ኣጻወተ፡ ኣዘናግዐ ... (2) ኣጸናንዐ፡ ኣይዞኻ በለ። | ለሀየ፤ ላሀየ | (1) ተጻወተ፤ ተዘናግዐ |
| 12 | አልሀየ | ኣዘናግዐ፡ ኣሐጉሰ ... ኣጻወተ | — | ኣጻወተ፤ ኣዘናግዐ |
| — | — | — | አል'ሃየ | ኣረጋግአ፤ ኣጸናንዐ |
| 13 | ለሐሰ | ለሐሰ፡ ቀመሰ መጸጸ [መጸየ] | ልሕሰ፤ ለሐሰ | ለሐሰ |
| — | — | — | ለሐሰ | ተሰደደ |
| 19(8) | ለቢናጦር* | ኣብ ለቢጦን ርኡ። | ለቢጦናር | እጅገ ዘይብሉ ናይ ካህናት ቀሚሽ |
| 20 | ለቢጦን | እጅገ ዘይብሉ . . . ቀሚሽ | — | — |
| 25(9) | ሊዋሪቆ** | ገምገም . . . ወሰኑ፡ ጫፍ | ሊዋርቆ | — |
| 25(10) | ሊዎጴጠርያ | ከውሒ . . . ሰማጽ ጸፊሕ ከውሒ . . . | ሊዎጴጠርያ | ሕዝ. 24፥ 7፡8 |
| 29(10) | ለጥር | ሕልቂ፡ ግራም* | ለጥር | ነጥሪ (454 ግራም ounce) |
| 29 | ልጥር | ዐሥ(ሰ)ርተ ክልተ ሕልቂ | ልጥር | ዓሰርተ ክልተ ወቒት (336 ግራም) |
| 32(11) | ሕልቅ፡ ሕልቀት | ናይ ክብደት ሚዛን፡ ሐደ ሕልቂ፡ ሐደ አውንስ (ounce) | ሕልቅ | ሕልቂ፤ ወቒት (28 ግራም) ዘፍ. 24፡22 |
| — | — | — | ሕልቀት | ቀለበት፤ ካትም |
| 30(12) | ሊፓ፡ ሊፓ | | | |
| [ሊፓ]* | ሣ(ሳ)ዕሪ | ሊፓ | — | |
| 33(13) | ሐልጸጸ፡ ሐርጸጸ | | | |
| [ሐርጸጸ]* | ሐመመ፡ ተጸልአ | ሐልጸጸ | ሓመመ | |
| 42 | ሐርጸጸ | ተናዓቢ ወይ ዐላዊ ኮነ፡ ዐመጸኛ ኮነ . . . | — | ዓመጸ፥ ዓመጸኛ ኮነ |
| 33(14) | ሐልጸጸ፡ ኢልጸጹ | ሕማም | ሄልጸጸ | ሕማም |
| — | — | — | ኢልጸጹ | ደዌ |
| 49(15) | ሐኤሊዎት | ኣደራሽ፡ ሐደ ገፊሕ ገዛ | ሐኤሊዎቱ | ኣደራሽ . . . |
| 51(16) | ሐንዝር፡ ሕንዝር | (1) ሐሰማ፡ መፍለስ | | |
| (2) ኣብሪ ጕልጕል | | | | |
| (3) ጨና | (1) ሕንዝር | | | |
| (2) ሐንዝር | | | | |
| (3) ሐንዝር | (1) መፍለስ wild boar (2) ኣብሪ ጕልጓል serval (3) ጭራ tail | | | |
| 62(17) | ሐጸየ | ቁረጸ፡ ቁራረጸ፡ ኣናቖቐ፡ ፈለጸ። | ሐፀየ (ሐጸየ) | ሓጸየ፥ ናይ ሕጸ ስምምዕ ፈጸመ |
| — | — | — | ተሐፀ(ጸ)የ | ተሓጸየ |
| — | — | — | ተሓፀ(ጸ)የ | ተሓጻጸየ |
| — | — | — | ሐጸ | ቁረጸ |
| — | — | — | ሐፀ (ሐጸ) | ጕደለ፥ ነኣሰ፥ ሐደት ኮነ |
| 69(18) | ሚላኒ* ** | | | |
| ሚላኒ** | (1)ብልቱግ (millet)፥** መሽላ፡ ማሽላ። (2)ጣፍ* | (1) ሚላኒ | | |
| (2) ሚላኒ | | | | |
| (3) ሚላኒ | (1) ጸሊም ጣፍ | | | |
| (2) ጻዕዳ ጣፍ | | | | |
| (3) ብልቱግ | | | | |
| — | — | — | ሄንበሊያሊ | ጻዕዳ ጣፍ |
| — | — | — | ሔንባሊ | ሰርጊዩና ጣፍ |
| — | — | — | ጣዕፍ | ጣፍ |
| — | — | — | ቀቢላ | መሽላ |
| — | — | — | ቃቤላ | ጻዕዳ መሽላ |
| — | — | — | ጸጸፊና | ኣዝዩ ጽዕድው ዝበለ መሽላ |
| — | — | — | ጽሪሪ | ጸሊም መሽላ |
| — | — | — | ዘሊላ | ቀይሕ ዘንጋዳ |
| — | — | — | ዘቢላ | ጸሊም ዘንጋዳ |
| 79(19) | መርጸዱ** | ሰቖታ | መርጼድ | — |
| 189(20) | ሸገሀ | ጊጉይ . . . ዘይፈልጥ | ሶጊሕ | ሰሓፍ፤ ዘይፈልጥ |
| 290(21) | ኀለለ | መልመለ . . . ጸልጸለ | ኀለ"ተ (ሐለ"ተ) | (ንኣም) መልመለ ፤ ጸልጸለ |
| 290(22) | ኀለለ | መረጸ፥ ሓረየ | ኀለ"ተ (ሐለ"ተ) | (ንሰብ) መልመለ፤ መረጸ፤ ሓረየ |




ማ ል ርሀ

# ካብ ኣስመራ ናብ መጠራ

## እንኮ ምስክር ቅዲ ህንጻ ማእከላይ ዘመን



-ሄሎ ተናፋቒት።

-መርሓባ ገያሻይ፡ እንታይ ደኣ ደሃይ ኣጥፊእካ? ናይ ሰንዓፈ ወግዒ ከምዝለና ረሲዕካዮ ዲኻ?

-ኣብ ቀጸራይ'ምበር ደቦኽ ኢለ'ለኹ። ማራ'የ እውን ተሃዊኸ ቀንየ። ሓዝኒ በሊ።

-ሓዝኩኻ።

-እምባ ታሪኻ መተርኣስኻ፡ ንእምባ መጠራ ብየማናይ ኢድካ ሓቝፍካ፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዝጠንካ ኣውዲቕካ፡ ኣእጋርካ ኣብ እምባ ሳይም'ሞ ተቐምጦ፣ ንወገን ምብራቕ ግልጽ ምስ በልካ ከኣ እምባ ከሸዓት ጎፍ ይብለካ. . .።

-ኣንታ ክንዲ ምንታይ እምባታት ደኣ'ዩ?

-ኣይትኹለፍኒ'ባ። ሰንዓፈ ደኣ'ሞ ብኣኮታት ዝተኸበበት እኳ'ያ። ብፍላይ ብወገን ምዕራብ፡ ናብ'ቲ እምባ ክትድይብ ትንፈሓኹ ዘላ'ያ ትመስል። ኣብ'ዛ ከተማ ዘለዉ ብዓበይቲ ጽሩባት ኣእማን ዝተሰርሐ መደያይቦ (ኣስካላ ኣስካላ)ን ብኣዝዩም ደቀቕቲ ዝተወሳሰቡ ኣእማን ዝተጎድቀ ፍርስራስ ገዛውትን፡ ናይ ዘመናት ዛንታ ዝሓቖፉ'ዮም። ቅድሚ 2 ሽሕ ዓመታት ኣቡሓጎታትና ሱብ ብርቂ ሓሳቢት፣ ወትሩ ኣእዳው ሰሎሞን፣ ጎይቶት ጥቡብ ምንባሮም ድማ ይምስክሩ። እቲ ቅድሚ ንግስነት ኣኽሱም ኣብ 7ይ ክ/ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተሰረተ ዛንታ፡ ብሕርሻ ስልጡናት፣ ብዘቤታውነት እንስሳታት ምዕቡላት፣ ኣብ ንግዲ ትኩራት፣ ኣብ ሓደ ዝቖመ ዘይሳግማዊ ህይወት ዝነበሮም ርጉኣት፣ ኣብ ኣርት ወሓለታት፣ ኣብ ስኑዓ ግዱሳት፣ ኣብ ናይ ክብርን ጅግንነትን ሓወልትታት ጥንቁቓት፣ ብናይ ካይላን ሓጺንን ኣፍልጦ ንቑሓት፣ ካላንደርን ጽሑፍን ዝነበሮም ምዕቡላት ምንባሮም ይምስክር።

-እንታይ ማለትካ'ዩ 'ኣብ ሓወልቲ ጥንቁቓት'?


-ሓወልትታት ቀሓይቶ፡ በለው ከለው. . .ናይ ክብሪ ሓወልትታት ምኻኖም'ዩ ዝግለጽ። ንክብሪ ወለዱ፡ ንክብሪ ሱብ ቅያ፡ ንክብሪ. . .ዝተሰርሑ'ዮም።

-ኣበይ ኢዩ'ኸ በለው ከለው?

-ሓወልቲ በለው ከለው ደኣ ኣብ'ዚ ፊት ሰንዓፈ - ንወገን ደቡብ፡ እዛ ሓወልቲ'ዚኣ ክንደይ ግዜ ተኾላቢታ መሰለኪ። ጥልያን ሓንሳብ ክትርእ ምእንቲ ኢሉ ቦንቀሩ ኣብ ደረት መገዲ ይተኽላ፡ ጸኒሑ ናብ ንብር ቦታኣ ይመልሳ፡ ኣብ'ዚ ናይ ወያነ ወራር ከኣ ወዲቓ ኔራ'ያ። ሕጂ ብዘዮባእ ተጸጊና ኣብ'ቲ መበቆላዊ ቦታኣ'ያ ተተኺላ ዘላ።

-ሓንቲ ፍልይቲ ዳዕሮ'ላ ክብሉ ኸኣ ሰሚዐ ኔረ፡ በጺሕኩማዶ?

ዝቖመ እምባ፡ ብቐሊሉ ክፍሓር ዝኽእል ስፍራ'ውን ስለዘይርከበ፡ እቲ ብልምዲ "መቓብሩ ምፍሓር ኣቢያ" ዝበሃል ብሂል፡ ኣብ'ዚ ቦታ ኣይዝወተርን'ዩ። እታ ዳዕሮ ከኣ ኣብ እግሪ'ቲ እምባ፡ ኣብ ትርኣስ'ታ ዓዲ'ያ



-እሂናይ ደኣ! ኣብ እግሪ እምባ መጠራ ሓንቲ ዓዲ'ላ - መጠራ ትብሃል። እዛ ዓዲ ኣካል ከተማ ሰንዓፈ ከምዝይኮነት ቡቲ ሃንደበት ቅደር ዝብለካ ሜላ መንብሮን ገጠራዊ ህንጻታትን ጥራይ ኢኻ ተለልያ'ምበር ዳርጋ ምስ'ታ ከተማ ለጊባ'ያ ዘላ። ተቐማጦ ናይ'ዛ ዓዲ ኣብ ዝጠን'ቲ እምባ'ዩ መቓብሮም። እቲ ናብ'ቲ መቓብር ዝወስድ መንገዲ ብኸንደይ እዝዮም ስለዝድየብ፡ ኣንስትን ሽምግል ዝበሉን ኣብ ቀብሪ ምስታፍ ኣይምልከቶምን'ዩ። ኣብ'ቲ ብኣኻውሕ ዘላ። ኣብ ጎድኒ ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምህረት'ንድያ ዘላ፡ 12 ጨናፍር'ዩ ድማ ዘለዋ። እቶም ጨናፍር ወርሒ ወርሒ እናተበራረዩ ቡቡሓደ ከምዝፈርዩ'ዮም ነበርቲ መጠራ ዝገልጹ። ዓመት ምሉእ ድማ ኑቶም ኣገልገልቲ ቤተ ክርስትያን ይቕልባኣም ይበሃል።

-ንስኻኸ ብዓይንኻ ከምኡ ርኢኻዶ?

-ኣነ'ኳ ዓመት ምሉእ ኣብኡ ኣይተቐመጥኩን። 12 ጨናፍር ከምዝለዋ ግን ብዓይነይ ርእየ'የ።

-እንታይ ኢዩ'ባ እቲ ናይ ቅድሚ ንግስነት ኣኽሱም ዝበልካዮ ስልጣነ?

-ከም ወካሊት ቁጺረ ደሞ ብዛዕባ'ዛ ዝጠቐስኩልኪ ቤተ ክርስትያን ክዕልለኪ። ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምህረት መጠራ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ውሑዳት ብቕዲ "ርእሲ ህበይ" ዝተሰርሓ ህንጻታት'ያ። ዋላ'ቲ ማዕጾ፡ ዋላ'ቲ መስኮት፡ ዋላ'ቲ ኣፍ ደገ፡ ዋላ'ቲ ናሕሱ ኩሉ ብዕንጨይቲ ዝተሰርሐ'ዩ። ልዳቱ ብብዙሕ ኩርናዓዊ ገጻት (polygone) ዝቖመ ኣዝዩ ድልዱል ጽሩብ ዕንጨይቲ፣ ማዕጾኡ ካብ ዓቢ ኦም ዝተሰርሐ ሰፍ ዘይብል፣ ናሕሱ ካብ'ቲ ልዳቱ ብዝሰፍሐ ረጎድቲ ኣዕጋውው ዝተረግረገ'ዩ። ዕንጨይቲ፡ ዕንጨይቲ፡ ዕንጨይቲ።

ከም'ዚ ዓይነት ህንጻ ኣብ ኤርትራ ቅድምን ኣብን ማእከላይ ዘመን ዝነበረ ኮይኑ፣ ካብ ጭቃ እምንን ዕንጨይትን ጥራይ'ዩ ዝሰራሕ። ኣብ ኣርባዕተ ደረጃታት ናይ'ቲ መንደቕ ድማ፡ ብዙርያ ዝተሰኸዑ ናይ ርእሲ ህበይ ቅርጺ ዘለዎም ናይ ኣውሊዕ ጽሩባት ኣዕጋውው ኣለዉ። እቲ "ቅዲ ርእሲ ህበይ" ዝበሃል ኣጸዋውዓ'ውን ካብ ቅርጺ ናይ'ቶም ኣዕጋውው ዝመጽአ'ዩ። እቲ ዝገርም ኩሉ'ቲ ኣስካላታት ናይ'ቲ ልዳትን መጻጽን ብዘይ ዝኾነ ናይ መሰማር ሓገዝ ዝቖመ'ዩ። እቲ መጻጹ ብሓደ ጸፈሕ ዕንጨይቲ ዝቖመ ደኣ'ምበር ዝተለጋገበ ኣይኮነን። ዋላ'ቲ ብሰለስተ ዝተወሳሰበ ደረጃታት ዝቖመ ልዳት'ውን እንተኾነ ብዘይ መሰማር ዝቖመ'ዩ።

-ንምንታይ ኢዩ ልዳት ደኣ ሓደ ዕንጨይቲ ጥራይ ዘይኣኽለ?

-እቲ ሰለስተ ደረጃታት፡ ምስ'ቲ "ሓደን ሰለስተን" ወይ ድማ "ሰለስተ ግን ከኣ ሓደ" ዝብል ሓይማኖታዊ እምነት ዝተኣሳሰር'ዩ። እዚ ዓይነት ቅዲ ዋላ'ኳ ገለ ሰባት ካብ ሰገር ባሕሪ ዝመጽአ ምዃኑ ዝገልጹ እንተኾኑ፡ ካብ ኣዱሊስ ቁሓይቶን መጠራን ሓሊፉ ምስ ዝኾነ ሰገር ባሕራዊ ቅዲ ፍጹም ምትእስሳር የብሉን። ተቐማጦ ናይ'ዘን ከባቢታት'ውን ብዘመሓላለ. ኣገባብ'ዮም ኣባይቶም ዝሃንጹ።

-እታ ቤተ ክርስትያንከ ከቡብ ድያ ወይሲ ኣርባዕተ ኣንጎሎ?

-ክቢ ደኣ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዘሎ'ንድዩ። እቶም ውሑዳትን ዝጠንተዉን ብርቡዕ ኩርናዕ ዝተሰርሑ'ዮም። ከም ሜላ ኣተሃናንጻ እቲ ህንጻ ኣብ ሰለስተ'ዩ ዝኸፈል። ቀዳማይ ክፍሊ ናይ ምእመናንን ዘመርቲ ማህሌትን ኮይኑ፡ "ቅኔ ማህሌት" ኢዩ ዝበሃል። እቲ ካልኣይ "ቅድስት" ዝበሃል ኮይኑ፡ እቲ ሳልሳይ ድማ ስፍራ ታቦት ኮይኑ "ቤት መቕደስ" ኢዩ።

-ሕጅስ ሰጦኺዶ ተቐይርካ ሓቀይ?

-ምስ ቅዲ ህንጻ ማእከላይ ዘመን ከላልየኪ ስለ ዝደለኹ እኳ'የ። እቲ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ክርስትያን ዝቕባእ ቅብኣታት'ውን ናቱ ቅድን ጥቡብን ዘለዎ'ዩ። ዋላ'ኳ ብዙሕ ዳህሳስ ዘድልዮም እንተኾኑ፡ እቲ ጥቡብ ኣሰኣእላኡም ዝገርም'ዩ። እቶም ቅዱሳት ቅብኣታት ናብ'ቶም ምእመናን ገጾም'ዮም ዝቕበሉ። እቶም ርኹሳት ዝበሃሉ ግን፡ ምእንቲ ኣዒንቶም ናብ ጸለይቲ ከይውርወሩ ብኸፊል'ዮም ዝስኣሉ። እዚ ንባዕሉ ሓደ ቅዲ'ዩ።

-እሞ ኣሽሓት ዓመታት ጌራ ደኣ ዓንያ ትኸውን'ምበር።

-ቅድሚ ውሑድ ዓመታት ብገለ ክፋል ናይ ናሕሳ ማይ ክተሕሉኽ ጀሚራ ኔራ። ክገርመኪ መብዛሕትኦም ብኸምዚ ቅዲ ዝተሰርሑ ኣባይቲ ዓጽዮም ወይ ብጕልሕ ቅዲ ተጸጊናም'ዮም። እዛ ቤተክርስቲያን'ምበር እታ እኾ ብህይወት ዘላ ምስክር ቅዲ ህንጻ "ርእሲ ህበይ" ናይ ማእከላይ ዘመን'ያ - እታ እኾ!

-እሞ ፈረንጆች ደኣ ተመሲጡ ይኸውን'ምበር።

-ምሉእ መዓልቲ ሰኣላይ'ዩ ተቐይሩ ውዒሉ።

-ካብ ሰንዓፈኸ ደኣ ናበይ ገጽኩም ቀጺልኩም?

-ብዛዕባኡስ ከምሉም'የ ዘይልለኪ፣ ቻው ደኣ።

-ቻው በል ከምሉም ክጽበየካ'የ።






# ስፖርት

ሃብቶም ጸጋይ

## ፈርዲናንድ፡ ንቴሪን ኮልን ይዝልፍ

23 ጥቅምቲ 2011 ዝተኻየደ ግጥም ክለባት ቸልሲን ኪውፒኣርን ካብ ዝሰዐቦም ፍጻመታት ሓደ፡ ኣብ መንጎ እንግሊዛውያን ጆን ቴሪን ተኸላኻላይ ኪው ፒኣር ዝነበረ ኣንቶን ፈርዲናንድን ዝተኸሰተ ወጥሪ ኢዩ። ኣብቲ ጸወታ ጆን ቴሪ ንጸለም እንግሊዛዊ ፈርዲናንድ ዓሌታዊ ጸርፊ ብምዝናቡ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ከምእተኸሰሰ ይፍለጥ። ድሕሪ ዝሰዓብ ኩነታት ግን፡ ንሂወት ብርክት ዝበሉ ወገናት ዝጸለወ ኢዩ። በቲ ፍጻመ ካብ ዝቖሓሩ ሓው ንኣንቶን ዝኾነ ተኸላኻላይ ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ነበር ሪዮ ፈርዲናንድ ኢዩ። ሪዮ ድሕሪ'ቲ ዝተፈጥረ ኣጋጣሚ ምስቲ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ጆን ቴሪ ዝነበሮ ርክብ በቲኹ ኢዩ። ዋላ'ውን ሰላም ናይ እግዚኣብሄር ኣይብሎን'ዩ። እዚ ጥራይ ከይኣክል፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ኣዕሩኽ ሪዮ ፈርዲናንድ ዝኾነ ካልእ ጸለም እንግሊዛዊ ኣሽሊ ኮል ኣብቲ ናይ ክሲ መስርሕ ኣብ ጎድኒ ወዲ ጋንታኡ (ኣብ ክለብ ቸልሲ) ጆን ቴሪ ቀይሙ ምስክርነት ብምሃቡ፡ ዝምድና ኣሽሊ ኮልን ሰድራቤት ፈርዲናንድን ንሓዋሩ ኣኽቲሙ ከምዝርከብ ይግለጹሉ ኣሎ። ኣብዚ እዋንዚ ምስ ኪውፒኣር ዝጻወት ዘሎ ሪዮ ፈርዲናንድ ኣብታ ሓዳሽ ወልቃዊት መጽሓፉ፡ ንጆን ቴሪ "ደንቆሮ" ብምባል ክዘልፎ እንከሎ፡ ንተግባራት ኣሽሊ ኮል ድማ ምስ ክድዓት ከም ዝጽብጸቦ ሓቢሩ። ብፍላይ ንኣሽሊ ኮል ቅድሚ ምምስካሩ ዝረኣዮ ብሓቒታት ክዛረበን እንተይክእሉ ግን ካብቲ ምስክርነት ከንሳሕበን ከምዝተማሕጸኖ ይገልጽ። ብስሪ ዘጋጠመ ፍጻመ ናይ ኣህጉራዊ ጸወታታት ዕድላቱ ኣብ ዘይግዘኡ ምድምዳም ዝጸረ ፈርዲናንድ፡ ጆን ቴሪ ኣብ ክንዲ ናይ ተቓውሞ ግብረ መልሲ ጌጋኡ ኣሚኑ ይቕሬታ ክሓትት ከምዝግባእ ኣረዲኡ።


## ባሎቴሊ ምስ ሕጽይቱ ተፈላልዩ

ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ኣብ ዓውዲ ስፖርት ካብ ዝጦፉ ህቡባት ውልቀሰባት ከም ኢጣልያዊ ማርዮ ባሎቴሊ ዝዕባ ማዕከናት ዜና ዝኾኑ ኣዝዮም ውሑዳት ኢዮም። ጋናዊ ዝመበቆሉ ባሎቴሊ ቅድሚ ሎሚ ምስ ወልቃዊ ሂወቱ ተኣሳሲሩ ብርክት ዝበሉ እዋናት መዛረቢ ኣርእስቲ ምኻኑ ዝዘከር ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ግን ነታ ምስኡ ልዕሊ ዓመት ዝዘረት ኣፍቃሪቱ ሞዴሊስት ፋኒ ነጉሻ ኣብ ብራዚል ብወግዒ ንመርዓ ምሕታቱን ኣምሳይኡ ከኣ ናይ ሕጸስስርዎት

እቲ ካልእ ገጽ ስፖርታውያን

ከምዝበረላን ኣብ እዋኑ ተገሊጹ ኢዩ። ባሎቴሊ ንፋኒ "ንመዋእል ምስኣ ሓቢርካ ክትነብር እተብህግ ሰብ" ክብል ድማ መጉሰዋ ነይሩ። ዝ ብምዕዛብ ከኣ ብዙሓት ወገናት "ማርዮ ወርዘዩ" ክብሉ ተሰሚዖም። ይኹን እምበር እቲ ሰጊንጥር ዝጠፍኡ ኣጥቃዓይ ካብ ሚላን ናብ ሊቨርፑል ኣብ ዝግዕዝሉ እዋን ምስታ በልጅግማዊት መጻምድቱ ዝነበሮ ርክብ በቲኹ ኢዩ ናብ እንግሊዝ ኣቐኒዑ ዘሎ። ጋዜጣ ደይሊ ስታር ዘሰፈረቶ ጽሑፍ ከምዝዘበርሆ፡ ርክብ ባሎቴሊን ፋኒን ድሕሪ እቲ ካብ ውድድር ዋንጫ ዓለም ተመሊሶም ኣብ ኣመሪካ ዘሕለፍዎ ናይ ዕረፍቲ ግዜ'ዩ ኣኽቲሙ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ ፋኒ ካብቲ ኣብ ከተማ ሚላን ዝርከብ ወቁብ መንበሪ ገዛ ባሎቴሊ ብምውጻእ ናብ ከተማ ፓሪስ ኣምሪሓ ትርከብ። ባሎቴሊ ኣቐዲሙ ንገለ ተጻወትቲ ማድሪድ፡ ኣንጻር ዶርትሙንድ ንዘበሮም ናይ ሻምፒዮንስ ሊግ ጸወታ ምስ ዝዕወቱ (ኣብ 2013) ነታ መጻምድቲ ከምጥወሎም ምኽኑ ብምዝራቡ፡ ርክብ ክልቲኦም መጻምድቲ ንወሱን ግዚያት ሻሕኪሩ ምንባሩ ዝገልጹ ገለ ወገናት፡ እዚ ናይ ሕጂ ፍጻመ'ውን ጠንቁ ባዕሉ ባሎቴሊ ከምዝኾነ ይግምቱ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብ16 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኣንፊልድ ዝተሰገገረ ባሎቴሊ፡ ኣብ ከተማ ሊቨርፑል ኣሰታት 3.7 ሚልዮን ፓውንድ ዘውጽእ ሓዲሽ መንበሪ ገዛ ክዕድግ ዋጋ ዕዳጋ ይገብር ምህላዉ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ይገልጽ።



## ውህደት ኮስታን ፋብሪጋስን - ተወሳኺ ቀመም ፕሪመር ሊግ


ኣብ ዓወት ሓንቲ ጋንታ ተራ ኩሉም ኣባላት ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ ገለ ውሑዳት ኣባላት ግን ጸብለል ዝበለ ጽልዋን ኣበርክቶን ክህልዎም ባህርያዊ ናይ ውድድር ተርእዮ ኢዩ። ብፍላይ ኣብ መንጎ ዝተወሰኑ ኣባላት ዝህሉ ጥምረት ድማ ንዓወት እታ ጋንታ ደረኺ ኢዩ። ጥምረት ሜሲ - ዣቪ- ኢንእስታ ኣብ ኩምራ ዓወታት ባርሴሎና ከበርክቶ ዝጸንሐ'ኧኛምማዕረ'ከንደይልዑል ምንባሩ ማእከሪ ኣየድልየን። ኣብ ውድድራት ፕ/ሊግ ምስ እንመጽእ'ውን ጥምረት ቫን ኒስልሮይን ዴቪድ በክሃምን ኣብቲ ርሱን ናይ 2002/3 ዓመት ውድድራት ስፖርት ዝተጻወቶ ተራ ወትሩ ተዘኪሪ ኢዩ። ኣብታ ናይ 2003/4 ዓመት ስፖርት ንሓንቲ ግጥም'ውን ከይተሳዕረት ኣኽሊል ዝደፍኣት ኣርሰናል'ውን ጥምረት ናይቶም ንዘበዝሐ ሸቶታት እታ ጋንታ ዘመዝገቡን ዝሓንደሱን ፈረንሳውያን ቴሪ ሆንሪን ሮፐርት ፒረዝን ኣብ ኣእምሮ መድረፍኛታትን ደገፍቶምን ካልእ ኣፍቃሪ ስፖርትን ሰሪጹ ዝተርፍ ኢዩ።

ኣብዚ ሓድሽ ናይ 2014/15 ዓመት ስፖርት ኣቓልቦ ስሒቡ ዘሎ ድማ ወጽኢታዊ ስምረት ተጻወትቲ ክለብ ቸልሲ - ስጳኛውያን ዲያጎ ኮስታን ሰስ ፋብሪጋስን ኢዩ። እዞም ተጻወትቲ ሓደስቲ ኣባላት ቸልሲ ክሰዓም ደሮ ንቐልቢ ደገፍቲ እታ ጋንታ ገዚኦሞ ደርከቡ። ዘይምሕርን ቀታልን ኣፈጻጽማ ሸቶ ኮስታን ትግባርታዊ ሸቶ ናይ ምህንዳስ ብቕዓት ፋብሪጋስን ኾ ውድድራት ማንካ ከይተሳሰሉ ፍረኡ ኣብ ምሕፋስ በጺሑ ኣሎ። ኮስታ ኣብ 4 ግጥማት ፕ/ሊግ ሸውዓተ ሸቶታት ከመዝገበ ክሉ ፋብሪጋስ ከኣ ካብቲን እታ ክለብ ብደምር ዘመዝገበቶን ሸቶታት ዳርጋ ንፍርቀን ሃንደሱን ተዋሲኡን ደርከበ። እዚ ዓይኒ ዝማርኽ ውህደት'ዞም ስጳኛውያን ኮዋኹብቲ ንወናኒን ደገፍትን ቸልሲ ብፍላይ፡ ንተኸታተልቲ ፕ/ሊግ ድማ ብሓፈሻ ዝማስጦ ኣቓልቦ ዝስሕበ' ኮይኑ ደርከበ።









## ራምሲ ሸቶ ኣብ ዘመዝገበሉ፡ ህቡባት ሰባት ይሞቱ!!?



ኣብ መድርኽ ውድድር ዝጽመዳ ክለባት ይኹና ወልቀ ተጻወትቲ ዓወት ኣብ ዘመዝገቡሉ ይኹን ስዕረት ኣብ ዝቐምሱሉ እዋናት፡ ነቲ ዝኾጥሞም ኣጋጣሚታት ምስ ጸቡቐን ሕማቐን ፋል ከተኣሳስሩዎ ይረኣዩ ኢዮም። ክለባት ዝጻወታሉ ሜዳን ዝለብስኦ ማልያን ፋል ክሓስቡኦ ብተደጋጋሚ ይረኣዩ ኢዮም። ገለ ተጻወትቲ'ውን ከም ፋል ብፍሉይ ዝጥቀሱ ተርእዮታት ክፍጽሙ ንዕዘብ ኢና። ንኣብነት ኣርሰናል ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ኣጥቃዓያ ዝነበረ ተወላዲ ቶጎ ኣደባዮር ሸቶ ኣብ ዘመዝገበሉ ጸወታ ከይተሳዕረት ንነዊሕ እዋናት ምጽንሓ ይዝከር። ብኣንጻሩ ድማ ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ጋሪዝ በይል ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ናይ ቶተንሃም ጸንሒቱ ኣብ ዝተሰለፈለን ግጥማት፡ ክለብ ቶተንሃም ዓወት ይሕረማ ብምንባሩ በይል ከም ሕማቕ ፋል ይቑጸር ነይሩ። ኣብዚ እዋንዚ ድማ ስሙ ምስ ተመሳሳሊ ኣርእስቲ ተኣሳሲሩ ዘሎ ተጻዋታይ ኣርሰናል ኣሮን ራምሲ ኢዩ። ሓደ ካብ ብሉጻት ኣከፋፈልቲ ፕ/ሊግ ኮይኑ ዘሎ ራምሲ ወሰንቲ ሸቶታት ምምዝጋብ ካብ መለለዪኡ'ኳ እንተኾነ ሸቶ ብምምዝጋብ ንደገፍቲ ጋንታኡ ኣብ ዘሐጎሰሉ እዋን ሓደ ካብ ህቡባት ውልቀሰባት ዓለምና ብሞት ክፍለ ናይ ምዕዛብ ኣጋጣሚታት ይኽሰቱ ኢዮም። መደበር ተሌቭዥን ሲኤንኤን ምርኩስ ብምግባር፡ ኣሮን ራምሲ ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ኣብ ናይ ሰዓታት ወይ ድማ ናይ ሓጺር መዓልታት ፍልልይ ዝሞቱ ውልቀሰባት ቁጽሪ ብርክት ዝበለ ኢዩ። ንገለ ካብቶም ስመ ጥሩናት ውልቀሰባት ምስ ንዕዘቡ–

- ቢን ላንደን (ራምሲ ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ)
- መሰራትን ኣካያድን ኩባንያ ኣፕል - ስቲቭ ጆብስ (ራምሲ ኣንጻር ቶተንሃም)
- ድምጻዊት ዊትኒ ሁዩስተን (ራምሲ ኣንጻር ሳንደርላንድ)
- ህቡብ ተዋሳኣይ ሆሊውድ - ሮቢን ዊሊያምስ (ራምሲ ኣንጻር ማን ሲቲ)

ብዘይካ እዞም ዝተገልጹ፡ ሞት ካልኦት ህቡባት ውልቀሰባት ምስ ሸቶ ራምሲ ናይ ምዝማዶም ኣጋጣሚ ኣመልኪቶም ገለ ወገናት "ናይ ራምሲ ፈተነ ሸቶ ምብራዓን ሂወት ህቡብ ሰብ ከም ምድሓን ኢዩ ዝቖጸር" እናበሉ ክዋዘዩ ከለዉ፡ ካልኦት ድማ "ራምሲ ሸቶታት ብዝበዝሐ ምስ ዘመዝገበ ከኣ ደኣ . . . !!? " ክብል ስግኣቶም ይገልጹ።

## እንታይከ ኣሎ ሓድሽ?

• ንእንግሊዛዊ ኮተቴ ራሓም ስተርሊንግ ናብ ሊቨርፑል ኣብ ምምጻኡ ተራ ፈርናንዶ ቶረስ ኣዝዩ ልዑል ምንባሩ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ነበር ራፋ በኒተዝ ሓቢሩ። ስተርሊንግ ኣብ 2010 ናብ ሊቨርፑል ዕድመ ተገይሩሉ ኣብ ዝመጸሉ እዋን ኣብታ ጋንታ ክጸንበር ካብ ቶረስን ጀራርድን ደፍኢት ከምዝነበሩሉ ዝገለጸ በኒተዝ፡ ናይ ቶረስ ጽልዋ ግን ሕልፊ ካልኦት ምንባሩ ኣረዲኡ። ስተርሊን ኣብ 2010 ኢዩ ብ400 ሽሕ ፓውንድ ናብ ኣንፊልድ ግዒዙ።

• ጆሴ ሞሪኖ ካብ ዘዩተግበርም ሕልምታቱ ዋንጫ ሻምፒዮንስ ሊግ ብተኸታታሊ ምዕዋት ኢዩ። ካብቲ ዝ ክብሪ ዝሾቐዐ ኣሰልጣኒ የለን። ዝ ኣመልኪቱ ድማ ሞሪኖ ዝ ክብሪ ምስ ዝርከብ ናይ ምስልጣን ዘመኑ ኣዝዩ ዝተፈልየ ከምዝኸውን ብምግላጽ፡ ካብዚ ክብሪ ዘኽናደቡዎ ክልተ ምኽንያታት ከምዝኾኑ ኣረዲኡ። ቀዳማይ ኣብ 2005 ኣንጻር ሊቨርፑል (ምስ ቸልሲ) ኣብ ዝተጉበረ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ዝተመዝገበቶም ካብ መስመር ዘይሓለፈትን ብጌጋ ዝተቖጽረትን ሸቶ ክትከውን ከላ እቲ ካልኣይ ድማ ክርስቲያኖ ሮናልዶ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ኣንጻር ባየር ሙኒክ (ኣብ 2011) ፍጹም ቅላዕ ብምስሓቱ ምኻኑ ኣብሪሁ።

ምስ ክለብ ዌስትብሮም ዝነበሮ ውዕል ከዩብቐዐ ካብታ ጋንታ ብምስንባቱ ብዘይ ክለብ ዝወርሐ ፈረንሳዊ ኒኮላስ ኣኔልካ ናብ ህንዲ ኣምሪሑ። ብዘይካ ኣብ ኣህጉር ኤውሮጳ ኣብ ቻይና ከይዱ ዝተጻወተ ኣኔልካ፡ ምስ ክለብ መምባይ ኢዩ ፈሪሙ። ኣብቲ ቦኹሪ ሊግ ናይ ህንዲ ውድድራት ሱፐር ሊግ፡ ንኣኔልካ ሓዊሹ ከም ደል ፒሮ፡ ፒረዝ ትረዝጎን ኣምባርግን ዝኣመሰሉ ጉዳይም ተጻወትቲ ዓለም ይሳተፉ ኣለው።

# ኣመሪካ 'ኢቦላ ንምቁጽጻር' ኣሽሓት ወተሃደራት ናብ ላይበርያ ክትልእኽ?



ኣብ ላይበርያ ሕማም ኢቦላ ብቐልጡፍ ናህሪ ኣብ ዝላባጾሉ ዘሎ ግዜ፡ ኣመሪካ፡ ኣንጻር'ቲ ለበዳ ክምዝበርሑ ዝበጽሑዮም ሰለስተ ሽሕ ወተሃደራት ክትልእኽ ምዃና ሓቢራ።

ኣመሪካ፡ ናብ ላይበርያ ዝለኣኽ ሰራዊታ ኣብ ምህናጽ ማእከላት ጥዕና ከምዝሳተፍን ኣብ ወሻባ ንዝኣተዉ ሕሙማት ኣብ ምሕላው ከምዝዕርሕን ገሊጹ።

ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ላይበርያ ንሰራሕተኛታት ሕክምና ስልጠና ናይ ምሃብ መደብ ከምዘለዎን ኑፋሲ. ወከፉ ሚእቲ ዓራት ዘለዎ 17 ማእከላት ጥዕና ከምዝሃንጽን'ዩ ዝገልጹ።

ኣመሪካ ናብታ ብሕማም ኢቦላ ዝተሃሰየት ላይበርያ፡ ኣብ ክንዲ ሰብ ሞያ ሕክምና ወተሃደራት ክትልእኽ ምውሳና ግን ንብዙሓት ኣገሪሙ ምህላዉ ጸብጻባት ሓቢሮም።

ኣመሪካ፡ ብጉልባብ ምቁጽጻር ኢቦላ ኣብቲ ዞባ ወተሃደራዊ ምትእትታው ክትገብር ዘኽእላ ሕቡእ ኣጀንዳ ከምዘለዋ'ዩም ተንተንቲ ዝገልጹ።

ብመሰረት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ፕረስ ቲቪ ዝሰፈረ ዜና፡ ኣመሪካ ዝተፈላለዩ ምኽንያት እናቕረበት፡ ኣብ ዓለም ወተሃደራዊ ህላወኣ ናይ ምስፋሕ ኣጀንዳ ኣለዋ።

ለበዳ ኢቦላ ኣብ ሃገራት ሰራልዮን፡ ጊኒን ላይበርያን ቅልጡፍ ወሰኽ የርኢ ከምዘሎን ብፍላይ ኣብ ላይበርያ ድማ ብውሽጣዊ ዓቕሚ'ታ ሃገር ክግታእ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ምብጽሑን ዝጥቀሱ።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ኣብ ላይበርያ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ልኽፋት ኢቦላ ኮን ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረኽቡ ከምዝይክእሉ'ዩ ዝገልጹ። ኣብታ ሃገር ንዘለፉ ሕፍሕፍ ዘሎ ሕማም ኢቦላ ንምግታእ ሓገዝ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ከምዘድሊ የገንዘበ።

ካብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ጀሚሩ ኣብ ምዕራባዊ ኣፍሪቃ ክላባዕ ዝጀመረ ሕማም ኢቦላ፡ ዛጊት ልዕሊ 2400 ሰባት ቀቲሉ ከምዘሎ ጸብጻባት ጥዕና የመልክቱ። በቲ ቫይረስ ኣሽሓት ሰባት ተለኺፎም ብምህላዎም ድማ ቁጽሪ ግዳያት ብተዓጻጻፊ ክውሰኽ'ዩ ዝግመት።

ቫይረስ ኢቦላ፡ ብደምን ኣብ ኣካላት ዝርከብ ካልእ ፈሳሲን ከምእውን በቲ ቫይረስ ካብ ዝተበከለ ኣከባቢ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐሊሉ ይመሓላለፍ። ኣብ ሕሙማት ብርቱዕ ረስኒ፡ መድመይቲን ወጽኣትን ብምስዓብ ድማ ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ሓደገኛ ምኳኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

# ዩክሬን፡ ንምብራቓውያን ዞባታት ርእሰ ምምሕዳር ትፈቅድ



መንግስቲ ዩክሬን፡ ኣብ ምብራቓዊ ከባቢታት'ታ ሃገር ዝዋግኡ ዘለዉ ዕጡቓት ተቓወምቲ ርእሰ-ምምሕዳር ክምስርቱ ከምዝፍቀደ ገሊጹ።

እቲ መንግስቲ ዘውጽኦ ሓድሽ ውጥን ሰላም፡ ኣብ ዞባታት ሉሃንስክን ዶኔትስክን ርእሰ ምምሕዳር ክምስረትን ዕጡቓት ተቓወምቲ ድማ ምሕረት ክግበረሎምን ዝጽውዕ'ዩ።

ኣቐዲሙ ፕረዚደንት ዩክሬን ፔትሮ ፖሮሸንኮ ምስ መራሕቲ ዕጡቓት ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከምዝፈረመ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ዝዋግኡ ዘለዉ ዕጡቓት ብዘዕባ'ቲ ብመንግስቲ ዩክሬን ዝኣወጸ ውጥን ሰላም ዛጊት ዝሃብዎ መግለጺ የለን። እቶም ምሉእ ናጽነት ዝጠልቡ ዕጡቓት፡ 'ኖቮሮሲያ' ዝተባህለት ሓዳስ ሃገር ናይ ምምስራት መደብ ከምዘለዎም'ዮም ዝገልጹ።

ሩሲያ ብወገና ንመደባት ናይቶም ዕጡቓት ምሉእ ብምሉእ ክትድግፍ እኻ'ላ፡ ነቲ ብመንግስቲ ዩክሬን ዝወጸ ውጥን ኣመልኪታ ዛጊት ዝሃበቶ መግለጺ የለን።

ምብራቓዊ ዩክሬን ዝለዓለ ጽልዋ ሩሲያ ዘለዎ ከባቢታት ኮይኑ፡ ነበርቲ'ቲ ከባቢ ካብ ዩክሬን ብምፍላይ ናብ ሩሲያ ናይ ምጽንባር ድሌት ከምዘለዎም'ዩ ዝግለጽ።

ዝሓለፈ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብቲ ከባቢ ኩናት ካብ ዝወላዕ ኣትሒዙ፡ ህይወት ሰለስተ ሽሕ ሰባት ከምዝጠፍኣን 310 ሽሕ ሰባት ድማ ከምዝተመዛበሉን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይሕብር።

# ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ካቡል ርእሰ ከተማ ኣፍጋኒስታን ብዕጡቕ ጣሊባን ብዝተፈጸመ ርእሰ ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ሰለስተ ወተሃደራት ሓይልታት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ ተቐቲሎም። እቲ ዕጡቕ ኣብ መኪናኡ ቦምብ ብምጽዋድ'ዩ ምስ ወተሃደራዊት መኪና ሓይልታት ልፍንቲ ተላቲሙ። ብመሰረት ሓበሬታ በበሲ፡ በቲ ኣብ ካቡል ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሓደ ኣመሪካዊ ዝርከቦም 16 ሰላማውያን ሰባት ብጽኑዕ ቆሲሎም።

እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ጥቓ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ካቡል ከምዝተፈጸመን ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት'ቲ ትካል ዝወረደ ጉድኣት ከምዘየለን እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።

***

ኣብ ምስሪ ዞባ ሲናይ ሽዱሽተ ወተሃደራት ምስሪ ተቐቲሎም። ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት'ታ ሃገር ከምዝሓበሮ፡ እቶም ወተሃደራት ዝተሳፈሩላ መኪና ኣብ መገዲ ብዝተጻወደ ነታጒ'ያ ተሃሪማ። እቲ መጥቃዕቲ ካብ ርእሰ ከተማ ሲናይ ኢል-ዓሪሽ ንሰሜን ኣብ ዝርከብ ከባቢታት'ዩ ተፈጺሙ።

ኣብቲ ከባቢ ኣንጻር መንግስቲ ምስሪ ዝዋግኡ ዕጡቓት ኣዘውቲሮም ከምዝንቀሳቐሱ ይጥቀስ። ኣብ ሰሜናዊ ሲናይ ብተደጋጋሚ እዋን ኣብ ልዕሊ ወሃደራት ምስሪ መጥቃዕቲ ከምዝፍጸም ጸብጻባት'ታ ሃገር ይጠቕሱ።

ናይቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ኣንሳር በት ኣል-መቕዲስ ዝተባህለ ምስ ኣልቃዒዳ ርክብ ከምዘለዎ ዝንገረሉ ዕጡቕ ሓላፍነት ከምዝወሰደሉ ተፈሊጡ።

***

ኣመሪካ ኣንጻር ዕጡቕ ሓይሊ እስላማዊት ሃገር (ዳዕሽ) ዝቐንዐ ሓድሽ ዙርያ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ኣካዪዳ። ኣመሪካ ኣንጻር'ቲ ዕጡቕ ሓይሊ ዝቐንዐ ተደጋጋሚ ደብዳብ ነፈርቲ ከምዝፈጸመት ይፍለጥ። እንተኾነ ሕጂ ተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ስትራተጂ ዝምደብ ምኳኑ ንወተሃደራውያን ኣዘዝቲ'ታ ሃገር ብምጥቃስ በበሲ ሓቢሩ።

ኣመሪካ ነቲ ኣኽራሪ ምኳኑ እትገልጾ ሓይሊ ምሉእ ብምሉእ ናይ ምድምሳስ ሓድሽ ስትራተጂ ኣውጺኣ ከምዝላ ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ ገሊጹ። እቲ ኣብ ሶርያን ዒራቕን እስላማዊት ሃገር ንምምስራት ዝዋጋእ ዘሎ ዕጡቕ ሓይሊ ዛጊት ክልተ ኣመሪካውያንን ሓደ ብሪጣንያውን እናሰየፈ ዘርኢ ስእሊ ከዘርግሕ እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ኩናትን ሰላማውያን ሰባትን ቅትለት ከምዝፍጽም ይኽሰስ።

ኣመሪካ ዛጊት ኣብ ዒራቕ ጥራይ ክትድኑብድኑብ ከምዝጸንሐትን ኣብ ሶርያ'ውን ኣንጻር'ቲ ሓይሊ ዝቐንዐ ተመሳሳሊ ደብዳብ ናይ ምክያድ ሓድሽ ውጥን ከምዘውጽኣትን ይጥቀስ።

# ናይጀርያ፡ 12 ወተሃደራት ንሞት ይፍረዱ

ኣብ ከተማ ኣቡጃ ዝርከብ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ናይጀርያ፡ ኣብ ልዕሊ 12 ወተሃደራት'ታ ሃገር ናይ ሞት ፍርዲ ከምዝወሰነ በበሲ ሓቢሩ።

እቶም ኣብ ከተማ ማይዱጉሪ ዓስኪሮም ዝነበሩ ወተሃደራት ኣብ ልዕሊ ሓላፊኦም ፈተነ ቅትለት ከምዝፈጸሙ'ዩ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ናይጀርያ ገሊጹ። ናብቲ ቤት ፍርዲ ዝቐረቡ 18 ወተሃደራት ኮይኖም፡ ሓሙሽተ ናጻ ክበሃሉ እንከለዉ፡ ሓደ ድማ ኣብ ጉዳዩ ናብ ካልእ ቤት ፍርዲ ከምዝተሰጋገረ ተሓቢሩ።

እቶም ወተሃደራት ዝሓለፈ ግንቦት ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብቲ ቦታ ምብጻሕ ዞካይድ ዝነበረ ጀነራል ኣማዱ መሓመድ ዝተባህለ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ካብ ዳሲፕሊን ወጻኢ ኣጽማን ክድርብዩ እንከለዉ፡ ንሶማይ'ውን ከምዝተኮሱ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ገሊጸን።



ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ኣንጻር ዕጡቓት ቦኮ ሓራም ኣብ ዝቐንዐ ወፍሪ ዝሳተፉ ዘለዉ ወተሃደራት፡ ብሕጽረት መሳለጥያታትን ውሑድ ክፍሊትን ከምዝማረሩ ንምንጮታት'ታ ሃገር ብምጥቃስ በበሲ ሓቢሩ። በዚ ድማ ሞራልን ወኒን ሰራዊት ናይጀርያ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ከምዘሎ እቲ ዜና የመልክት።

ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ቦኮ ሓራም ዕላማኦም እስላማዊ ስርዓት ምምስራት ኮይኑ፡ ሰፊሕ ከባቢታት ናይጀርያ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ኣእትዮም ከምዝርከቡ ይፍለጥ።

ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ቦኮ ሓራም፡ ኣብታ ካብ ዓለም ብዝበለጸ ወናን ድኽነትን ኣብ ቅድሚት ትስራዕ ናይጀርያ፡ ዝዓበየ ብደሆ ፈጢሩ ምህላዉ ተዓዘብቲ የረድኡ።